

መበል 36 ዓመት ቁ.54 ሰንበት 1 ሕዳር 2026 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 5

ዛንታ
ናይታ
ጣሳ

ምውሓስ ጸጋታት ማይ

ሌላ ምስ ደጀንን ክፍልታትን
ህዝባዊ ግንባር

ገጽ 2 ገጽ 3 ገጽ 4 ገጽ 7

ፕረዚደንት ኢሳይያስን ፕረዚደንት ፑቲንን ኣብ ምድንፋዕ ክልተኣዊ ዝምድና ዘትዮም

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን
ፕረዚደንት ፈደረሽን ሩስያ ቭላድሚር
ፑቲንን ብ30 ጥቅምቲ ኣብ ሰዓታት
ምሸት ኣብ ቤተ-መንግስቲ ክረምሊን
ኣብ ዝገበርዎ ርክብ፡ ኣብ ምድንፋዕ
ክልተኣዊ ዝምድናን ሓባራዊ ኣገዳስነት
ዘለዎም ጉዳያትን ዘትዮም።

ንተሳታፍነት ፕረዚደንት ኢሳይያስ
ኣብ ሳልሳይ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃን
ሩስያን ዘመስገነ ፕረዚደንት ፑቲን፡
ሩስያ ምስ ኤርትራ ዘለዋ ዝምድናታት
ብዝበለጸ ንምምዕባል ካብ ዘለዋ ድሌት
ብምብጋስ፡ ኣብ ክልተኣዊ ምትሕግጋዝ
ብሓፈሻ ኣብ ጽላታት ጸዓት፡ ቴክኖሎጂ፡
ዕደና፡ ሕርሻን ውሕስነት መግብን
ክትሰርሕ ቅርብቲ ምዃና ገሊጹ።

ፕረዚደንት ፑቲን ኣስዒቡ፡ ሩስያን
ኤርትራን ኣብ ሓያሎ ኣገደስቲ
ጉዳያት ተመሳሳሊ መርገጺ ከምዘለወን
ብምጥቃስ፡ ኤርትራ ኣብ መድረኻት
ውድብ ሕቡራት ሕቡራት ሃገራት
ንሩስያ ንእትገብሮ ደገፍ ኣመስጊኑ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብወገኑ፡
ኣብ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃን
ሩስያን ምስታፉን ምስ ፕረዚደንት
ፑቲን ዳግማይ ምርኻቡን ዓቢ
ክብሪ ከምዝስመዖ ብምሕባር፡ ሩስያ
ምስ ኣህጉር ኣፍሪቃ ኣብ እትገብሮ
ክልተኣዊ ዝምድናታት፡ ብዘለዋ ገዚፍ
ናይ ቴክኖሎጂን ኢንዳስትሪን ዓቕሚ
መሪሕ ተራ ክትጻወት ከምዝግባእ
ኣስሚሩሉ።

ክልቲኦም መራሕቲ ብድሕሪ’ዚ -
ብወገን ኤርትራ ሚኒስተር ጉዳያት
ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ኣምባሳደር
ኣብ ፈደረሽን ሩስያ ኣቶ ጴጥሮስ
ጸጋይን ዝተሳተፉሉ መኽፈቲ ርክብ፡
ዕጹው ዘተ ኣካዪዶም።

ብኻልእ ወገን፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ
ኣፈወርቂ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ኣብ
ሰዓታት ድሕሪ-ቐትሪ፡ ምስ ሚኒስተር
መጓዓዝያ - ያድሮቭ ዲሚትሪ
ቪክቶሮቪች ተራኺቡ ዘትዩ።

ኣብ’ቲ ርክብ፡ ብዛዕባ ክልተኣዊ
ምትሕብባር ኣብ ጽላት መጓዓዝያ
ብቐንዱ ድማ መሬታዊ፡ ባሕራውን
ኣየራውን ትሕተ-ቕርጺ መጓዓዝያ
ተዘራሪቦም።

ፈደረሽን ሩስያ ኣብ’ዚ ጽላት’ዚ ንዘለዋ
ድሉብ ዓቕሚ ድሕሪ ምግምጋም፡
ምትሕብባራ ምስ ኤርትራ ክተዕቢ፣
ኩባንያታት ሩስያ ድማ በቲ ኣጥርየንኦ
ዘለዋ ዓቕሚ ምስ ኤርትራ ክተሓጋገዛ
ንዘሎ ድልውነት ኣረጋጊጾም።

ብወገን ኤርትራ፡ ኣብ ወደባት፡
መዓርፎ ነፈርቲ፡ ጽርግያን መንገዲ
ባቡርን፡ ንዝነበረ ምጽጋንን ሓደስቲ
ምህናጽን ኣብ ዕብየት ቁጠባ ዘለዎ
ግደ ብምግዛብ፡ ምስ ኩባንያታት ሩስያ
ተሓባቢርካ ምስራሕ ኣገዳስነቱ ልዑል
ምዃኑ ተገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ብኽልቲኦም ወገናት
ኣብ’ዚ ዓውድታት’ዚ ጭቡጥ መደባት
ክሰኣል ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ።

ሚኒስትሪ ሕርሻን ሃማደኤን፡ ንኣብነታዊት ሓረስታይ ሮዚና መብራህቶም ኣተባቢዖም
ሚኒስትሪ ሕርሻን ሃገራዊ ማሕበር
ደቂኣንስትዮ ኤርትራን፡ ነታ ‘ሓንቲ
ካብ 100 ጀጋኑ ልምዓት’ ተባሂላ
ብውድብ መግብን ሕርሻን ሕቡራት
ሃገራት ኣብ ሮማ - ኢጣልያ

ዝተሸለመት ኤርትራዊት ኣብነታዊት
ሓረስታይ ሮዚና መብራህቶም፡
ኣተባቢዖም።
ብ29 መስከረም ኣብ ዝተኻየደ
ስነ-ስርዓት፡ ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ

ኣረፋይነ በርሀ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡
ሓርበኛ ልምዓት ዝኾነት ወ/ሮ ሮዚና
መብራህቶም፡ ድርብ ሓላፍነት ስድራ
ቤትን ልምዓታዊ ስራሓትን ተሰኪማ
ብዘካየደቶ ሓያል ጻዕሪ፡ ጨዋም
መሬት ናብ ባይታ ልምዓት
ብምቕያርን እቶታውነት ብምኽዕባትን
ናብ ዓወት ምብጻሓ ዮሃናኡ ገሊጹላ።
ሓበን ደቂኣንስትዮ ኤርትራ ብምዃና
ድማ፡ ኩለን ደቂኣንስትዮ ኣሰራ ክስዕባ
ተላብዩ።

ፕረዚደንት ሃማደኤ ወ/ሮ ተኽኣ
ተስፋሚካኤል ብወገና፡ ሚኒስትሪ
ሕርሻ ንምዕባለ ደቂኣንስትዮ ንዘካይዶ
ዘሎ ጻዕርን ዘጣጥሖ ዘሎ ባይታን
ብምምስጋን፡ ውጽኢት ስርሑ በዛ

ሕብንቲ ኣብነታዊት ሓረስታይ
ተረጋጊጹ ምህላዉ ድሕሪ ምጥቃስ፡
ካልኦት ደቂኣንስትዮ ካብ ተመኩሮ
ወ/ሮ ሮዚና ቀሲመን ኣብነታዊ ስራሕ
ክዓማ ኣዘኻኺራ።

ካብ ቤት-ጽሕፈት ውድብ መግብን
ሕርሻን ኣብ ኤርትራ ኣቶ ስዩም
ጠዓመ ብወገኑ፡ ወ/ሮ ሮዚና ምስ
ብዙሓት ደቂኣንስትዮ ሓረስቶት
ዓለም ተወዳዲራ ንሽልማት ምብቃዓ፡
ሓበን ንሃገር፣ ንብዙሓት ሓረስቶት
ድማ ግብራዊ ኣብነት ከምእትኸውን
ገሊጹ።

ወ/ሮ ሮዚና መብራህቶም ብወገና፡
ዘካየደቶ ስራሕን ሞያኣን ተፈሊጡ
ንዝለዓለ ሽልማት ከብቅዕዋ ንዝጸዓሩ

ኣካላት መንግስትን ውድብ መግብን
ሕርሻን ድሕሪ ምምስጋን፡ ዝረኸበቶ
ሽልማት ንዝያዳ ስራሕ ከም ዝድርኻ
ገሊጻ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ብሚኒስትሪ
ሕርሻን ሃማደኤን ዝተዳለወ መተባብዒ
ህያባት ተቐቢላ።

ሓረስታይ ሮዚና መብራህቶም፡ ካብ
131 ሃገራት ምስ ዝተዋጽኣ ልዕሊ
600 ኣብነታውያን ደቂኣንስትዮ
ሓረስቶት ተወዳዲራ፡ ሓንቲ ካብተን
‘100 ጀጋኑ ልምዓት ደቂንስትዮ’
ተባሂላ ብምዕዋታ፡ ኣርኣያ ውፉይ
ኣበርክቶ ኤርትራውያን ሓረስቶት
ደቂኣንስትዮ ኣብ ልምዓት ክትከውን
ከምዝበቕዐት ዝዝከር’ዩ።

ዜና

ኣብ ክብሪ ህዝቡ ዝነብር ...

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.54 1 ሕዳር 2026 - ገጽ 2

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ኤርትራውያን ነበርቲ ዞባ ከሰላ - ሱዳን፡ ሰሚናር ህዝባዊ መኸተ ኣካዪዶም
ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ
ሪፓብሊክ ሱዳን ኣቶ ዒሳ
ኣሕመድ ዒሳ፡ ብ30 ጥቅምቲ ኣብ
ከሰላ - ሱዳን ኣብ ዘካየዶ ህዝባዊ
ሰሚናር፡ ኣብ ህልው ኩነታት ሃገርን
ዞባዊ ምዕባለታትን ዘተኰረ ሰፊሕ
መግለጺ ሂቡ።

ኣብ’ቲ ሰሚናር ህዝባዊ መኸተ፡
ኣምባሳደር ዒሳ፡ ኣብ ዞባና ንዝርአ
ዘሎ ምዕባለታት ድሕሪ ምብራህ፡
እቲ ኩነታት ንቕሓት፡ ምክትታልን
ሓያል ውዳበን ዝሓትት ስለዝዀነ፡

ዜጋታት ነዚ መድረኻዊ ተልእኾ
ንምትግባር መሳርዖም ከስጥሙን
እጃሞም ከበርክቱን ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ልኡላውነትን
ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ቀይሕ
መስመር ከምዝዀነ ብምጥቃስ፡
ሃገሮም እትሓቶ ኩሉ ንምፍጻም
ዘለዎም ድልውነት ብምርግጋጽ፡
ደገፎም ንመንግስቶምን ሓይልታት
ምክልኻሎምን ገሊጾም።
ኣብ’ቲ ሰሚናር፡ ኣካየድቲ ኣካላት
ውዳበታት ግንባርን ማሕበረኮምን፡

መራሕቲ ሃይማኖትን ዓበይቲ ዓድን
ዝርከብዎም፡ ካብ ከባቢታት ከሳላ፡

ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ገምጋም መበል 28 ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ኣካዪዱ

ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ “ሓምላይ
ክለባትና ግርማ ኣብያተ-ትምህርትና”
ብዝብል ቴማ፡ ብ30 ጥቅምቲ ገምጋም
ንጥፈታት ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት
2026 ብምቅናዕ፡ ኣብ ናይ መጻኢ
መደባት ዘትዩ።

ኣብ’ቲ ኣኼባ፡ ብመሰረት ዝወጸ ውጥን
ኣብ ዝተዓመ መደባት፡ ከምኡ’ውን ኣብ
ዝነበረ ብልጫታትን ድኻማትን ዘተኰረ
ጸብጻባት፡ ብሓለፍቲ ጨናፍር ወፍሪ
ተመሃሮ ንልምዓት ኣብ ዞባታት ቀሪቡ።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዳይረክተር

ጨንፈር ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት
መምህር ፍትዊ ወልደጊዮርጊስ ኣብ
ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ካብ 1994 ኣትሒዙ
36 ሚእታዊት ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም
ልዕሊ 640 ሽሕ ተመሃሮ፡ መምህራንን
መራሕቲ ስራሕን ዝተሳተፍዎ መደባት
ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ ከምኡ’ውን
ምግራብ ከምእተሰላሰለ ኣነጺሩ።

ሎሚ ዓመት ካብ 07 ሓምለ ክሳብ
15 ነሓሰ ዝተሰላሰለ መበል 28 ወፍሪ
ተመሃሮ ንልምዓት፡ ብደረጃ ሃገር ኣብ
188 ንቚጣታት - ምኹዓት ጐዳጕዲ፡
ምትካል ፈልስታት፡ ምስራሕን ምጽጋንን

ቅናታዊ ዛላታት፡ ምስራሕን ምጽጋንን
ከትሪታት፡ ምስራሕ ጋብላዊ ዛላታት፡
ምጽጋን ካናለታት፡ ምጽፋፍ ሰነዳት
ኣብያተ-ጽሕፈት፡ ሓገዝ ንስድራ
ስዉኣት፡ ጽገና ናውቲ ኣብያተ-ትምህርቲ፡
ከምኡ’ውን ንጥፈታት ድሕነት ትራፊክ
ኣብ ዘጠቓልል መደባት፡ ልዕሊ 27 ሽሕ
ተመሃሮን ኣስታት ሓደ ሽሕ ኣለይትን
ከምእተሳተፉ ኣብሪሁ።

መምህር ፍትዊ ብተወሳኺ፡ ኣብ
2027 ኣስታት 32 ሽሕ ተመሃሮን
1,200 መምህራንን ኣለይትን ዝሳተፍዎ
ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን

ንምዕዋት፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ቤት-ትምህርቲ
ሓምላይ ክለብ ብምቛም፡ ንብሉጻት
ገረብቲ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣፍልጦ
ንምሃብ መደብ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ሓላፊ በዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ
ዘገዳምን ኮሎኔል ክንፈ ሃብቶም፡ መደባት
ልምዓት ናይ ኵሉ ሓላፍነት ምዃኑ፣
ብቐንዱ ግን እተን ብቐረባ ዝምልከተን
ሚኒስትሪታትን ትካላትን ክዓያሉ
ከምዝግባእ ብምጥቃስ፡ እቲ ወፍሪ ገዚፍ
ወጻኢታት ስለዝፈሶ፡ ማዕረ’ቲ ዝተሰላሰለ
ስራሕ፡ ብልጫታትን ድኻማትን ዘነጽር
ዕቱብ ገምጋማት ብቐጻሊ ክካየድን

ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን
ብምሉእነት ክስረሓሉን ተላብዩ።

ሚኒስተር ትምህርቲ ዶ/ር ሓሊማ
መሓመድ ኣብ ዘስመዓቶ መዛዘሚ
ቃል፡ ሸቶታት ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት
ንምዕዋት - ንቕሓት ክብርኽ፣ ኣብ’ቲ
ገምጋም ዝቐረቡ ሓሳባት ተመስሪሖም
ኣብ ባይታ ክዕየየሎም፣ ተመሃሮን
ኣብያተ-ትምህርትን ብምእኩል ኣገባብ
ክተባብዑን ተረባሕቲ ናይ’ቲ ወፍሪ
ክዀኑን፣ ኣድማዕነት ንምርግጋጽ ድማ
ውህደት መሻርኽቲ ዘዕዝዝ ቀጻሊ ርክባት
ክድፋኣሉ ኣዘኻኺራ።

ሓልፋ ኣል-ጀዲዳ፡ መዓስከራት ወድ-
ሸሪፈይን ሸጋራብን፡ ከምኡ’ውን

ካልኦት ቁሸታትን ዝመጹ ኣስታት
500 ዜጋታት ተሳቲፎም ነይሮም።

ኣብ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ሓሊበት፡ መጥባሕቲ

ምስትኽኻል ኣዕጽምቲ መሓውር ይካየድ ኣሎ

ኣብ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል
ሓሊበት፡ ብምትሕብባር ኤርትራውያን
ክኢላታትን ካብ ኢጣልያ ዝመጸ ጉጅለ
ሓካይም ‘ኣኑልያሞ ላ ዲስታንዛ’ን፡ ካብ
26 ጥቅምቲ ጀሚሩ፡ ንትሕቲ 15 ዓመት
ዝዕድመኦም ቈልዑን ህጻናትን መጥባሕቲ
ምስትኽኻል ኣዕጽምቲ ኣእጋርን ኣእዳውን
ይካየድ ኣሎ።
ኣብ’ቲ ሆስፒታል ሓላፊ ክፍሊ

መጥባሕቲ ዓጽምን ጅማውትን ፕሮፌሰር
አ’ዘይን ሃሽም፡ ንመዓልቲ ካብ ሰለስተ
ክሳብ ሓሙሽተ መጥባሕቲ እናካየዱ፡ ኣብ
ውሽጢ ሰሙን ን18 ህጻናት መጥባሕቲ
ከምእተኻየደ ሓቢሩ።
ኣብ’ቲ መጥባሕቲ ካብ ዝሳተፉ ዘለዉ
ኤርትራውያን ክኢላታት ዶ/ር ዮኤል
ኣብርሃም ብወገኑ፡ ኣብ 2015 ኣብ’ቲ

ሆስፒታል ንናይ ዓጽምን ጅማውትን
መጥባሕቲ ዘገልግል 10 ክፍልታት
ብመንገዲ’ዚ ጉጅለ ሓካይም ከምእተዋደደ
ብምጥቃስ፡ ካብ’ዚ ጉጅለ ተመኲሮን
ምትሕልላፍ ቴክኖሎጂካዊ ፍልጠትን
ይቐስሙ ምህላዎም ኣብሪሁ።
ጠርናፊ ኢጣልያዊ ጉጅለ ሓካይም
‘ኣኑልያሞ ላ ዲስታንዛ’ ዶ/ር ሲሞነ ላዘሪ
ብወገኑ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመታት፡
በብዓመቱ ካብ ክልተ ክሳብ ሰለስተ
ግዜ እናመጹ መጥባሕቲ ኣዕጽምቲ
ከካይዱ ምጽንሖም፣ ሎሚ ዓመት
ድማ ሓሙሽተ ክኢላታትን ዘድሊ
መሳርሒታትን ሒዞም ብምምጻእ፡ ነቲ
ስራሕ ከምዘሰላሰልዎ ብምሕባር፡ ንተራ
ኤርትራውያን ሓካይምን ምምሕዳር
ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ሓሊበትን
ኣመስጊኑ።
ጉጅለ ሓካይም ‘ኣኑልያሞ ላ ዲስታንዛ’፡
ኣብ 2009 ዝተመስረተ ኢጣልያዊ ጉጅለ
ሓካይም መጥባሕቲ ኣዕጽምቲ’ዩ።

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.54 1 ሕዳር 2026 - ገጽ 3

መዛነዪ
ማርታ ክብሮም

ዛንታ ናይታ ጣሳ
ሓደ ሰብኣይ ምስ ብዓልቲ ቤቱ
ብምኽንያት ጽንብል መበል 25
ዓመቶም ንኽዛወሩ ናብ ሓንቲ ዓባይ
ከተማ ከዱ። ኣብ ጎደናታት ናይታ
ከተማ ይጐዓዙሉ ኣብ ዝነበሩ ግዜ
ከኣ ናብ ሓንቲ ጥንታዊ ኣቕሑትን
ስርሓት ካይላ ዝኾነ ኣቕሑ ዝሽየጠላ
ዱኳን ኣተዉ። ነቲ ስርሓት ካይላ ዝኾነ
ኣቕሑ ከኣ እናዞሩ በብሓደ ክርእይዎ
ጀመሩ። ኣብ ሓደ ጸግዒ ናይቲ ኣቕሑ
ተሰሪዑሉ ዝነበረ ከብሒ ድማ ሓንቲ
ኣዝያ ጽብቕቲ ጣሳ ኣቓልቦኦም
ሰሓበት እሞ እታ ሰበይቲ ካብቲ

ተቐሚጣትሉ ዝነበረት ከብሒ ኣልዒላ
ክትርእያ ጀመረት። ንብዓል ቤታ ድማ
ክርእያ ናብኡ እናኣቕረበት፡ “ርአ እስከ
ክትጽብቕ!” በለቶ። ንሱ’ውን ብግዲኡ፡
“ከምዚኣ ዝበለት ቅድሚ ሕጂ ከቶ
ኣጋጢማትኒ ኣይትፈልጥን፡” ብምባል
ኣድናቖቱ ገለጸ። እታ ሰበይቲ ነታ
ጣሳ ናብ ስፍራኣ ክትመልሳ ኢዳ ወስ
ምስ ኣበለት፡ “ግን ሓደ ዘይተረዳእኩሞ
ነገር ኣሎ፡ ኣነ ከምዚ ሕጂ እትርእዩኒ
ኩሉ ግዜ ጽብቕቲ ኣይነበርኩን፡”
ዝብል ድምጺ ብምስምዖም ሰብኣይን
ሰበይትን ሰንቢዶም ዕንድ በሉ።
ምናልባት እታ ተሓዚት ሕሳብ ናይቲ
ዱካን ከይትኸውን ናብ የማነ ጸጋሞም
ግልጽ ብምባል ኣብ ዙርይኦም ሰብ ከም
ዘይነበረ ኣረጋገጹ።

እታ ጣሳ ቀጺላ፡ “ሓደ ግዜ ኩምራ
ቀይሕ መሬት ከም ዝነበርኩ ኣጸቢቐ
እየ ዝዝክሮ። ጎይታይ ካብቲ ዝነበርክዎ
ስፍራ ወሲዱ ኣቖምጥዓኒ። ደጋጊሙ
ምስ ዶግዶገንን ጠብጠበንን፡ ‘ጎይታይ
ግደፈኒ ንምንታይ በይነይ ክኸውን
ዘይትሓድገኒ’ እንተበልክዎ፡ ንሱ
ግን ክምስ እናበለ ‘ቁሩብ ተጸመምኒ
ንጽቡቕኪ እዩ’ ይብለኒ ነበረ።
ብድሕሪ’ዚ ዘጋጠመ ነገር ዘስካሕክሕ
እዩ። ጎይታይ ናብ ሓደ መዘወር
ደርበየኒ እሞ ክሳዕ ሃለዋተይ ዘጥፍእ በቲ
ዕንክሊል መዘወር ገይሩ ኣሽከርከረኒ።
‘በጃኻ ደው ኣብሎ የንጸራርወኒ ኣሎ፡’
እንተ በልክዎ ኣይሰምዓንን፡ ቀጺለ’ውን
‘ክሓምም እየ፡ በጃኻ ግደፍ’ ኢለ
ወጨጭኩ። ንሱ ግን ርእሱ ብኣሉታ
እናኣንቀሳቐሰ ‘ሓንሳብ ዓቕሊ ግበሪ’
በለኒ። ሕምብሊል ክሳብ ዝብለኒ ኣብታ
መዘወር ድሕሪ ምሽክርካሩ፡ ካብታ
መዘወር ኣውሪዱ ናይ ሓጺን መሳርሒ

እናተጠቀመ ክጽሕትረንን ክጎጥየንን
ጀመረ። ናብቲ ንሱ ዝደለዮ ቅርጺ
ድማ ለወጠኒ።

ብድሕሪ’ዚ ናብ ሓደ ዓቢ እቶን
ደርገመኒ እሞ ብድሕረይ ነቲ እቶን
ዓጸዎ። ቅድሚ ሽዑ ጥዒመዮ ዘይፈልጥ
ዋዒ ሓዊ ክጉልበበኒ ጀመረ። ነቲ ማዕጾ
ናይ’ቲ እቶን እናደጉደግኩ ‘ካብዚ
እቶን ኣውጽኣኒ’ ብምባል ዓው ኢለ
ጨደርኩ። እቲ ካብ ደገ ዝሰማዕክዎ
ድምጺ ግና ‘ሕጂ’ውን ዓቕሊ ግበሪ’
ዝብል ነበረ። ደጊም ኣብዛ እቶን

ምህማዀይ እዩ ኣብ ዝበልኩላ ደቒቕ
እቲ ማዕጾ ናይቲ እቶን ተኸፍተ
እሞ፡ ጎይታይ ብጥንቃቐ ካብቲ እቶን
ኣውጽኣኒ። ኣብ ሓደ ከብሒ ምስ
ኣቐመጠኒ ድማ፡ ክዝሕል ጀመርኩ
እሞ፡ ጽቡቕ ተሰምዓኒ። ብልበይ ድማ
ናይ መከራ ዘመን ሓሊፉ በልኩ።
እቲ ዝነበረኒ ዋዒ ናብ ዛሕሊ ምስ
ተቐየረ ጎይታይ ካብቲ ከብሒ ኣልዒሉ፡
ወልወለኒ፡ ንብዘሎ ኣካላተይ ድማ ብሓደ
ፈሳሲ ቀብኦ። ጨና ናይቲ ፈሳሲ
ኣፍንጫኻ ዝስርስር ነበረ። ካብ’ቲ ጨና
እተላዕለ ከምልሰኒ ስለ ዝደለየ፡ ‘ጎይታይ
ኣቋርጽ’ እናበልኩ በኸኹ። ንሱ ግና
‘ሓንሳእ ደኣ ተዓገሲ’ በለኒ። ብድሕሪ’ዚ
ሃንደበት እናደገና ናብቲ እቶን መለሰኒ።
ሕጂስ ኦሮማይ ብምሒር ዋዒን ሕጽረት
ትንፋስን ተዓቢሰ ክመውት እየ በልኩ።
ንሱ ግን ወላ እንተ ወጨጭኩን እንተ
በኸኹን’ውን ስርሑ ካብ ምስራሕ
ደው ኣይበለን። ብድሕሪ’ዚ ተስፋ
ቆረጽኩ፡ ሙማተይ ምዃኑ ፈሊጠ ድማ
ኣካላተይ ራዕራዕ በለኒ። ቁሩብ ጽንሕ
ኢሉ ማዕጾ ተኸፍተ እሞ ካብቲ እቶን
ኣውጽኣኒ።

ሕጂ’ውን እንታይ ኮን እዩ ክመጸኒ
ኢለ ብፍርሕን ጭንቀትን ተዋሒጠ
ክጽበ ጀመርኩ። ድሕሪ ገለ ግዜ
ጎይታይ መስትያት ሒዙ ክመጽእ ካብ
ማዕዶ ረኣኽዎ። ነቲ መስትያት ናብ
ጥቓይ ኣቕሪቡ ድማ “በሊ ምስልኺ
ኣብዚ መስትያት ረኣዪ፡” በለኒ።
ምስለይ ኣብ መስትያት ምስ ረኣኹ
ብጽባቐይ ኣዝየ ተመሰጥኩ። ጎይታይ
ብህድኣት ከምዚ ክብለኒ ጀመረ፡
“ሓደ ነገር ክትዝክሪ ይደልየኪ። እቲ
ከቖምጥዓኪ፡ ክድጉድጎኪ፡ ክጥብጥበኪ
እንከለኹ የሕምመኪ ምንባሩ ኣጸቢቐ

እፈልጥ እየ። ግና’ኸ ከምኡ እንተ
ዘይገብረኪስ ድሮ ነቒጽኪ ዘይትረብሕ
መሬት ምኾንኪ። ከምኡ’ውን ርእስኺ
የንጸራርወኪ ምንባሩ ኣይሰሓትክዎን።
ግና ከምኡ እንተ ዘይገብረኪ ነይረ፡ ሕጂ
ተሓምሺሽኪ ምሃለኺ ነይርኪ። እቲ
እቶን እንተኾነ’ውን፡ ኣዝዩ ውዑይን
ዝልብልብን ምንባሩ ስለ ዘይፈለጥኩ
ኣይኮንኩን ናብቲ እቶን ዘእተኹኺ።
የግዳስ ብእኡ እንተ ዘይትሓልፊ፡ ሕጂ
ነቒዕኪ ምሃለኺ ኔርኪ። ከምኡ’ውን ጨና
ናይ’ቲ ቅብኢ ዘዕገርግር ምንባሩ ፈሊጠ
ነይረ። ብዘይ ብእኡ ግን እዚ ሕጂ ዘለኪ
ጽንዓት ኣምበይ ምረኸብክዮን። ናብቲ
እቶን ካልኣይ ሳዕ እንተ ዘየእትወኪ
ከኣ እሞ እቲ መጀመርታ ዝረኽብክዮ
ጽንዓትኪ ንሓዋሩ ምሳኺ ኣይምቀጸለን።
ሕጂ ግን ውድእቲ ስራሕ ኴንኪ
ኣለኺ። ልክዕ ከምታ ስራሕ ክጅምር
እንከለኹ ብዓይነ ሕልናይ ዝረኣኹዋ
ጣሳ። ብድሕሪ’ዚ እቶም ሰብኣይን
ሰበይትን በቲ ዝሰምዕዎ ታሪኽ ናይ’ታ
ጣሳ ኣዝዮም ተደነቑ።

ኣብ መወዳእታ ከኣ እቲ ሰብኣይ
ንሰበይቱ ኣብ ህይወት ዝሓለፍዎ ኩሉ
መስገደላት ንጽቡቖኦም ምዃኑ ካብታ
ጣሳ ብዙሕ ነገር ክቐስሙ ከም ዝኽእሉን
ግሩም ትምህርቲ ምዃኑን ነገራ።

ንምንባርና መቐረት ዝህቡ ሓቅታት

1. ህይወት መወዳእታ ከም ዘለዋ
ምፍላጥ። እቲ ቀዳማይ ክንፈልጦ ዘለና
ሓቂ፡ ጉዕዞ ህይወት ንቀጻሊ ዝነብር
ዘይኮነስ ኣብ መወዳእታ ሞት ዝበሃል
ምስ መጸ ዘኽትም ምዃኑ እዩ። ህይወት
ግዝያዊት ምዃና ምርዳእ ድማ ብቀሊል
ኣገባብ ንኽንነብር፡ ኣብቶም ኣዝዮም
ኣገደስቲ ነገራት ከነድህብን ግዜና
ብዝግባእ ከነመሓድርን ይሕግዘና።

2. ኣብ ጉዕዞ ህይወት ብዛዕባ
ጽባሕ ክንፈልጥ ኣይንኽእልን ኢና፡
ውጥን ምግባር ግና ኣገዳሲ እዩ።
ብጀካ ፈጣሪ ብዛዕባ ጽባሕ ዘጋጥም
ዝፈልጥ ሰብ የለን። ውጥናት ምግባር
ነታ ዘይተፈልጠት መዓልቲ ብዝግባእ
ክንነብራ እዩ ዘኽእለና።

3. ብሉጻት መሓዙት ምጥራይ
ንህይወትና ብልጽቲ ኣብ ምግባር ዓቢ
ተራ እዩ ዘለዎ። ኣብ ጉዕዞ ህይወትና
ብዙሓት ሰባት ከጋጥሙና እዮም።
ገሊኦም ኣብ መገድና ዘጋጥሙና
ምሳና ድማ ነዊሕ ዘይጐዓዙን እዮም፡

ካብ ስግንጢራውያን ሕግታት

• ኣብ ደቡብ ካሮላይና መሳርሒ ሙዚቃ ወይ ሰዓት ኣብ ሰንበት ምሻጥ ክልኩል እዩ።
• ኣብ ሚሺጋን’ውን መኪናኻ ኣብ ሰንበት ክትሸጣ ፍቑድ ኣይኮነን።
• ኣብ ጋና ንውላድካ ‘ሞኒካ’ ዝብል ስም ምስያም ክሳብ ብማእሰርቲ እዩ ዘቕጽዕ።
• ኣብ ኬንያ፡ ኣብ ጁባኻ ገንዘብ ዘይብልካ ምንቅስቓስ ብሕጊ ናይታ ሃገር ቅቡል ኣይኮነን።
• ኣብ መክሲኮ ኣብ ጎደናታት ኴንካ ኣልኮላዊ መስተ ምስታይ የቕጽዕ።
• ኣብ ኣየርላንድ’ውን ክሳብ 2015 ንመዓልቲ ጎይታ ዝኾነት ሰንበት ከም ምርኻስ ይሕሰብ ስለ ዝነበረ ኣብታ መዓልቲ ኣልኮላዊ መስተ ምስታይ ፍቑድ ኣይነበረን።
• ኣብ ኣይስላንድ ክሳብ 20 ዘመን፡ ከልቢ ክትውንን ዘፍቅድ ሕጊ ኣይነበረን። ድሕሪ’ዚ’ውን ከልቢ ቅድሚ ምውናንካ እቲ ከልቢ ክታበት ከም እተኸትበን ካልእ ኩነታቱን ምስ ተራእየ ጥራይ እዩ ዝፍቀደካ።
• ኖርወይ ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ኮይንካ ሽጋራ ምትካኽ ፍቑድ ኣይኮነን። ብተመሳሳሊ ኣብ ሲንጋፖር’ውን ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ሽጋራ ከተትክኽ እንተ ተረኺብካ ካብ 150 ክሳብ 1000 ዶላር ክትቅጻዕ ትኽእል።

ገሊኦም ድማ ንመላእ ህይወትና
ካብ ጎድንና ዘይፍለዩ እዮም። ስለዚ
ብሉጻት መሓዙት ንህይወትና ዝቐለለን
ዝመቀረን ኣብ ምግባር ዓቢ ተራ
ኣለዎም።

4. ጥዑይ ዝምድና ምምስራት
ንህይወትና ከም ዘሀብትሞ ምፍላጥ።
ኣብ ፍቕራዊ ዝምድናታት፡ ኩሎም
ንምስርቶም ዝምድና ጥዑያትን ንነዊሕ
ይቕጽሉን ማለት ኣይኮነን። እንተ ኾነ
ጥዑይን ካብ ግርጭት ናጻ ዝኾነን
ዝምድና ናይ ምምስራት ዓቕምና ኣብ
ኢድና እዩ ዘሎ።

5. ምስቶም ኣዝዮም ዘገድሱና ነገራት
ንንበር። ገንዘብ ንኽንነብር ኣገዳሲ እኳ
እንተ ኾነ ብዙሕ ንኽንረክብ ግና ካልእ
ዘድልየና ነገር ከይንኸስር ንጠንቀቕ።
ከም ሓቂ’ውን ውሑድ ገንዘብ ምስ
ዝህልወና ኢና ዝያዳ ኣድማዕቲ
ንኸውንን ንዕአን ንምምሕዳር ርእስና
ብዝግባእ እንጥቀመሉን። ስለዚ በቲ
ዘለና ዕጉባት ክንከውን ዝበለጸ እዩ።

እዚ ክንብል ከለና ንጥቕሚ ገንዘብ
ኣነኣኢስና ወይ ኣገዳስነት የብሉን
ኣይኮንናን ንብል ዘለና፡ እንታይ ደኣ
ብዘለና ክንነብር ስለ ዘለና ደኣ እምበር።

6. ጥዕናና ብዝግባእ ምስ እንከናኸን፡
ህይወትና ዝበለጸት ትኸውን።
ብዙሓት ሰባት ንነብሶም እቲ ዝግባእ
ክንክንን ሓልዮትን ኣይህቡዋን እዮም።
ስለዚ ንዝተፈላለዩ ሕማማት ናይ
ምቅላዕ ተኽእሎኦም ዓቢ ይኸውን።
ወይ ብዙሓት ሰባት ነብስኻ ምክንኻን
ከም ነፍሰ ፍትወት ይሓስብዎ’ሞ
ነዚ ድማ ከም ኣሉታ ነገር ወሲዶም
ክገብርዎ ኣይርኣዩን። እዚ ግና
ሓደ ካብቲ ክውገድ ዘለዎ ነገር
እዩ። ኣብ መወዳእታ እታ ብዝግባእ
ዝተከናኸንናያ ህይወትና እያ ምሳና
እትጐዓዝ። ስለዚ ንጥዕናና ሓገዝቲ
ዝበልናዮም ነገራት ካብ ምትግባሮም
ኣይንቆጠብ። እዚ ምስ እንገብር
ኣካላትና ከመስግኑና ጥራይ ዘይኮኑ
ንመላእ ህይወትና’ውን ከገልግሉና
እዮም።

7. ውጽኢት ዘይጥዑይ ዝምድና
ዘይጥዑይ ህይወት ምዃኑ ምፍላጥ።
ጉዕዞ ህይወት ከቢድ ዝኸውን ኣብ
ህይወትና ሓደገኛታት ሰባት ምስ
ዝህልዉ እዩ። ሓደገኛታት ወይ
ዘይጥዑያት መሓዙት ምግባር ሓይልና
ዝመጽዉ፡ ኣብ ኩሉ ንጥፈታትና
ዘየተባብዑን ዘይሕግዙን፡ ግዜና
ዘባኽኑን ብምዃኖም ንህይወትና’ውን
ከቢድ ይገብርዎ።

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.54 1 ሕዳር 2026 - ገጽ 4

ምውሓስ ጸጋታት ማይ
ኣቶ ኤፍሬም ተፈሪ
ክ/ሃብቲ ማይ - ሚ/መ/ማ/ኣከባብን

ባህርያዊ ጸጋታት ማለት ብተፈጥሮ
ኣብ ባህርያዊ ኣከባቢ ዝርከቡ ንህላወን
ቀጻልነትን ህይወታውያን ንቑጠባዊ
ዕብየት ዝበለጸ መንብሮ ወሰንቲ ዝኾኑ
ተፈጥሮኣውያን ነገራት እዮም። ኣየር፡
ማይ፡ ካብ እንስሳታትን ኣትክልትን
ዝርከብ መግቢ፡ ብርሃን፡ ማዕድናት
መሬት ሓመድ፡ ነዳዲ ገለ ካብ’ቶም
ወዲ ሰብ ንኽነብር ዘገድስዎ እዮም።
ባህርያዊ ጸጋታት ኣብ ዕብየት ሓንቲ
ሃገር ወሰንቲ ስለዝኾኑ ምስ ድሕነትን
ቀጻልነትን ብቐጥታ ተኣሳሲሮም ልዑል
ኣተኩሮ ዝግበረሎም ምዃኑ ዘገርም
ኣይኮነን። ኣብ ምዕቃብን ድሕነትን
ዘሎ ናይ ትርጉም ምትእስሳር እኳ
እንተርኢና ንምትእስሳሮም ኣጸጋሚ
ኣይኮነን። ኣብ ፖሊሲ ሃገራዊ ድሕነት
ናይ ሓንቲ ሃገር ባህርያውያን ጸጋታት
ዝለዓለ ኣተኩሮ ካብ ዝወሃቦም ዕማማት
እዮም።

ሃገራዊ ድሕነት ክበሃል ከሎ ንሓደ
እኹል መረዳእታ ዘይብሉ ሰብ ካብቲ
ብመሬት፡ ብባሕሪ ይኹን ብኣየር
ዝመጽኣካ ወራሪ ሓይሊ ምክልኻል
ዝግበር ግጥም ወይ ኲናት ጥራሕ
መሲሉ ክስመዖ ይኽእል እዩ።
ምናልባት እውን ሓደ መንግስቲ ኣብ
ስልጣን ንኽቕጽል ካብ ጸላእቱ
ንምክልኻል ዘዋፍሮ ናይ ፖሊስ፡ ጸጥታ
ወይ’ውን ስለያ ኮይኑ ክርደኦ ይኽእል
እዩ። እዚ ካብ ትሑት ኣፍልጦን
ንቕሓትን ዝብገስ ሓሳባት እምበር
ሃገራዊ ድሕነትሲ ሰፊሕ ኣምርን
ሓንቲ ሃገር ከም ሃገር ክትቅጽል
ዜጋታታ ብሰላም፡ ብራህዋ ፡ ብጥዕና፡
ብፍትሒን ስኒትን ተኸባቢሮም ባህሎም
ዓቂቦም ናይ ሕድሕድ ሃይማኖት
ኣኽቢሮም ጸጋታት ናይ ሃገሮም
ንሎምን መጻእን፡ ነቲ ዝመጽእን ነቲ
ዘሎን ወለዶታት ብዘገልግሎም ኣገባብ
ኣመሓዲሮምን ዓቂቦምን ብፍትሓዊ
ምቕረሐ ተማቒሎም ካብ ዓመጽትን
ንዓይን ንሎምን ይጥዓመኒ ካብ ዝብሉ
ናይ ውሽጥን ናይ ደገን ጎሓላሉን
ተኸላኺሎም ንኽነብሩን ንኽነባበሩን
ዘኽእሎም ሰፊሕ ሱታፌ ንቕሓት
ሓፋሽ፡ ውዳበ ናይ ሕብረተሰብ
ዝሓትት ቀንዲ ሃገራዊ ዕላማ እዩ።

ምድራዊ ባሕራዊን ኣየራውን
ጸጋታት ናይ ሓንቲ ሃገር ክመሓደሩ
እንተኾይኖም ብመጀመርታ ክጽንዑን
ብዛዕበኦም እኹል መረዳእታን
ፍልጠትን ክህሉን ወሳኒ’ዩ። ምዕቃብ
ባህርያዊ ጸጋታት ንሰብ ንእንስሳታትን
ኣትክልትን ከምኡ’ውን ነዚኣቶም
ኣብ ከባቢኦም ንኽነብሩ ዘገድስዎም
መሬት፡ ማይ፡ ኣየር፡ ማዕድን ወዘተ
ልዕልን ትሕትን ምድሪ ዘለዉ ጸጋታት
ከጠቓልል ይኽእል። ሰብ ማእከል
ናይ’ዚ ባህርያዊ ኣከባቢ ስለዝኾነ ነዞም
ጸጋታት ዝጥቀመሎም፡ ዝዕቅቦም፡
ዘመሓድሮም፡ ዘበላሽዎም’ውን
ባዕሉ እዩ። ሰብ እንተዘይነቒሑ እቲ
ዘይዓግብ ሸውሃቱ ስለዝድርኾ ኣብ
ባህርያዊ ኣከባቢ ዘስዕቦ ዕንወት፡ ዓለምና

ብግብሪ ኣብ ቅድሚ ዓይና እትርእዮ
ዘላ ዘመነ ንዓይ ንዓይ ደረጃ ስስዐ
ወድሰብ ብግልጺ ዘረጋግጽ ስለዝኾነ፡
መስክሩለይ ዘድልዮ ኣይኮነን።
ብመሰረት ህላወኦም ጸጋታት ዓለምና
ዝትክኡን ዘይትክኡን ተባሂሎም
ክመቓቐሉን ኣብ ክልተ ክጉጀሉን
ይኽእሉ። ወዲሰብ ነዛ ዓለሙ ንኹሎም
ጸጋታት ንሎምን ንጽባሕን ዘላቕነት
ብዘለዎ ኣገባብ ተጠቒሙ ምችእቲ
ንምግባራ ኣበርቲዑ እንተዘይሰርሑ
በቶም ‘ንሕጂ ይጥዓመኒ’ ዝብሉ ካብ
ኣፍንጭኦም ኣርሒቖም ዘይሓስቡ
ወረርቲ፡ ገበትትን ዓመጽትን ናይ
ርሑቕን ቀረባን ስሱዓት ተመንጢሉ፡
ምንባሩ ኣብ ሓደጋ ክኣቱ ዘለዎ
ተኽእሎ ዓቢ እዩ።

ንኣብነት ሕጽረት ማይን ምንቍልቋል
ብቕዓቱን ስግኣት ሃገራት ዓለም
ካብ ዝኸውን ውሑድ ኣይገበረን።
ጠለባት ጽሩይ ማይ ኣብ ነፍሲወከፍ
21 ዓመት ብዕጽፊ ይውስኽ ከምዘሎ
ጸብጻብ ዓለማዊ ውድብ መግብን
ሕርሻን የመልክት። ንጥፈታት
ሕርሻ፡ ኢንዳስትሪ፡ ዘቤታዊን ካልኦት
ኣብ ዝፈጥርዎ ናይ ብከላ ስግኣትን
ተወሲኹዎ ክብሪ ጸጋ ማይ ዝለዓለ
ይኸውን። ብንጹር ንምዝራብ ጸጋታት
ማይ ካብ’ዚ ሕጂ ዘለዎ ብዝሓሸ
ክመሓደሩ እንተዘይክኢሎም ኣብ
ዕብየት ቁጠባ ዓለምን ኣብ ጥዕና
ሕብረተሰብን ኣከባብን ከቢድ ሓደጋ
ምዃኑ ምዝኽኻር የድሊ።

ኤርትራ ከም ሃገር ተደኲናትሉ ዘላ
ኣከባቢ ናይ ባዕሉ ፍሉይነት ክህልዎ
ይኽእል እዩ። ከም ኩሎም ናይ ዓለም
ኣከባቢታት ከኣ እዞም መሬታዊ፡
ባሕራዊን ኣየራውን ጸጋታት
ብማዕረ፡ ብዝያዳ ወይ’ውን ብዝወሓደ
ተዓዲልና ክንከውን ንኽእል ኢና።
ናይ’ዞም ባህርያዊ ጸጋታት ህላወ፡
ዓይነት፡ ብዝሒ ዝርገሐ ንምፍላጥን
መዓላኦም ንምውሳንን ከም ዝለዓለ
ኣካል ሃገራዊ ድሕነታ ጠሚታ ኩሉ
ግዜ ኣብ ቀጻሊ ምርምርን ክትትልን
ተጸሚዳ ትርከብ። ነዚ ምርምርን
ክትትልን ዘተግብሩ ብኹሉ ዓውዲ
ዝሰልጠኑ እኹል ፍልጠትን ዘመናዊ
መሳለጥያን ዝዓጠቑ ክኢላታት
የድልዩኻ። መንግስቲ ማለት ህዝቢ
ማለት፡ ህዝቢ ማለት ከኣ መንግስቲ
ዝብል ሓፈሻዊ ኣዘራርባ፡ ነቲ ዝምልከቶ
ኣካል ኣብ ዝምልከቶ ስራሕ ብንጹር
ዝሳተፍ ንተሓታትነት ዓንቃጺ ኮይኑ
ከይርከብ ኩሎም ጸጋታት ሃገር ኣብ
ትሕቲ ምሉእ ክትትልን ቁጽጻርን
መሓውራት መንግስቲ ክምዝህሉ
ዝገብር እዩ።

ኩሉ ኣካል ሕብረተ-ሰብ ከኣ
መንግስቲ ንዘውጽኦ መደብ ምኽባርን
ብሓላፍነታዊ መንገዲ ጸጋታት
ሃገር ከምዝዕቀቡን ከምዝዋሓሱን
ምግባርን ግዴታ ምዃኑን ፈሊጥካ፡
ተሳታፍነትካ ምርግጋጽ የድሊ።
መንግስቲ ንኹሎም ዕማማት ንበይኑ
ክስከሞምን ከተግብሮምን ዝተመደበ
ኣካል ኣይኮነን። ኩላትና ንኣከባቢ
ንጸሉ ብኣከባቢ ከኣ ብቐጥታ ንጽሎ

ስለዝኾንና፡ ማዕረ ጽልዋና ሓላፍነት
ክንስከም ይግበኣና። ሕብረተሰብና
ብሕጊ እንዳባ ተመሪሑ ኣብ ምዕቃብ
ኣከባቢ ዝነበሮ እወንታዊ ጽልዋ
ንድሕሪት ተመሊስና ምውካሱ
ኣገዳስነት ስለዘለዎ፡ ዝምልከቶም
ኣካላት ነዚ ህዝብና ንነዊሕ ዘመናት
ዝጥቀመሉ ዝነበረ ሕጊ ምንብባር
ከመይ ከምዝነበረ እዚ ሓድሽ ወለዶ
ከምዝፈልጦ ኣብ ምግባር፡ ኩሉ
ዝምልከቶ ተርኡ ክጻወት ጽቡቕ እዩ።
ምዕቃብ ኣከባቢ ካብ ገዛናን ደምበናን
እዩ ዝጅመር፡ ኩሎም ኣካላት
መንግስትን ሕብረተሰብን ኣከባቢና
ኣብ ምውሓስ፡ ጸጋታት ሃገር ኣብ
ምዕቃብ ብንቕሓት ክንሳተፉ ይግባእ።
ማይ ሓደ ካብቶም ሓሙሽተ ዝለዓሉ
ባህርያዊ ጸጋታት ማለት ኣየር፡ ማይ፡
ሓመድ፡ ኣግራብን ማዕድንን እዩ።
መብዛሕትኦም እዞም ባህርያውያን
ጸጋታት ተወዳእቲ ወይ እውን
ብተፈጥሮኣውን ሰብ ብዝሰርሖን ብከላ
ኣብ ስግኣት ይርከቡ። ኤርትራ ኣብ
ደረቕን ሓውሲ ደረቕን ዝዓብለሎ
ኩነታት ኣየር ተደኲና እትርከብ
ሃገር እያ። ሓፈሻዊ እትረኽቦ ዝናብ
ትሑት ኣብ ርእሲ ምዃኑ ምዕሩይ
ዝርገሐ የብሉን። ልዕሊ 65% ካብ
መሬታ ዓመታዊ ዝረኽቦ ዝናብ
ብማእከላይ ገምጋም ካብ 350 ሚ/ሜ
ዝሓልፍ ኣይኮነን። ኣብ ምብራቓዊ
ጎላጉል ዓመታዊ ዝረኽቦ ዝናብ ካብ
50- 200 ሚሜ ንታሕቲ ኣብ ርእሲ
ምዃኑ፡ እቲ ዝርካቡ ትሕተ-ባይታዊ
ማይ እውን ብጨዋምነት ዝተዓብለለ
ንኣገልግሎት ዝስተ ንምውዓሉስ
ይትረፍ ንሕርሻዊ መዓላውን ብሰንኪ
ዘለዎ ልዑል ጨዋምነት ኣጸጋሚ እዩ።
ሓፈሻዊ ዘለና ትሕተ-ባይታዊ ማይ
እኹል ኣብ ርእሲ ዘይምዃኑ ቀመማዊ
ብቕዓቱ’ውን ዝነኣድ ኣይኮነን፡ ምስ’ዚ
ተተሓሒዙ ዝኸይድ፡ ዘሎና ተሕተ-
ቕርጺ ደረጃ ምዕባለን ኣብ ምጥቃምን
ዳግመ ምጥቃምን ማይ ትሑት ደረጃ
ምዕባለ ስለዘሎና፡ ገና ጸጋታት ማይ
ንምዕቃብን ምውሓስን ኣበርቲዕና
ክንሰርሕ ከምዘሎና ዘዘኻኽር
እዩ። መንግስቲ፡ ጥብ ዝበለት ማይ
ንምዕቃብን ኣብ ጥቕሚ ንምውዓልን
ካብ ጽባሕ ናጽነት ጀሚሩ ማይን
ሓመድን ንምዕቃብ ብዙሓት መደባት
ኣበጊሱን ኣተግቢሩን ኣብ ምትግባር
ይርከብ ኣሎን። ብመደብ ክረምታዊ
ማእቶት ተመሃሮን ካልኦት ዝተፈላለዩ
ውዳበታት ሕብረተሰብን ዝተሰላሰለ
ስራሕ ገለ ካብ’ቶም መደባት ኮይኑ፡
ዛላታት ኣብ ምስራሕ ኣግራብ ኣብ
ምትካል ዘይነዓቕ ዕማማት ዓሚሙ።
ካብ’ዚ ብተወሳኺ ኣብ ዝተፈላለዩ
ማይ ክዖታት ሃገርና ዓበይቲ፡
ማእከሎትን ነኣሽቱን ከዘንቲ ማይ
ሃኒጹን ኣቃሊልካ ዘይረአ ማይ ከዚኑን
ይርከብ። ምህናጽ ከዘንቲ ማያት ከም
ኣካል ዝዓበየ ሃገራዊ ቀዳምነታትናን
መደባትናን ኮይኖም ይቕጽሉ እኳ
እንተለዉ፡ ንቕሓትን ውዳበን ሕብረተ-
ሰብ ንምዕቃብ ማይን ነዞም ልዑል
ወጻኢ ዝተገብረሎም ተኸዚኖም
ዘለዉ ማያት ኣብ ሃገራዊ ማዓላ

ኣብ ግብሪ ንምውዓልን ጎድኒ ጎድኒ
ምህናጾም ክትግበሩ ይግበኦም። ካብ’ዚ
ብተወሳኺ እዞም ብኸቢድ ወጻኢታት
ዝተሃነጹ ከዘንቲ ማይ ይኹኑ ካልኦት
ባህርያዊ ጸጋታት ማይ ሰብ ካብ
ዝፈጥሮ ብከላ ናጻ ንምግባሮም
ንኹላትና ብማዕረ ዝምልከተና
ስለዝኾነ፡ ጸጋታት ማይ ካብ ብከላን
ብኽነትን ንምዕቃብ በብዓቕምና
ክንሳተፍን ተራና ከነልዕልን ይግባእ።
ከም ዜጋታት ናይ’ዛ ሃገር ምስ ጸጋታት
ሃገርና ምስ ምዕቃብ ማይን ሓመድን
ብቐጥታ ምትእስሳር ዘለዎ ኩላትና
ክንፈልጦ ዝግበኣና ሓቂ እንተሎ፡
ኣብ ኩሉ ኩርነዓት ሃገርና፡ ካብ ነፍሲ
ወከፍ ከባቢታት ብውሕጅ ተባሕጒጉ
ካብ ሃገር ዝግዕዝ ዘሎ ሓመድና ቀሊል
ስለዘይኮነ ልክዕ ከም’ቲ ስድሪ መሬትና
ብጸላኢ ክትሓዝ ከሎ ዝስመዓና ቃንዛ
ክስመዓና ይግበኦ። ኣብ ምዕቃብ
ማይን ሓመድን ኣበርቲዕና ክንሰርሕ
ይግበኣና።

ኣብ ከተማታት ሓውሲ ከተማታትን
ዓድታትን ዝተኣታቶ ዘሎ ተጠቃምነት
ዓይኒ-ምድሪ ክንዮ ኣብ ጥዕናና
ዘምጽኦ እወታዊ ጽልዋ ኣብ ብቕዓት
ትሕተ-ባይታዊ ማያትና ክፈጥሮ
ዝኽእል እወታዊ ጽልዋ ብዕቱብ
ክጽናዕን ክግምገምን ይግባእ። ካብ
ነፍሲ ወከፍ ገዛን ከባብን ዝወጽእ
ደረቕ ጐሓፍ ገና ግቡእ ኣታሕዛ
ኣይተገበረሉን፡ ዘሎና ሕጽረት
ቁጠባን ደረጃ ፍልጠትን ነዚ ስክፍታ
ኣብ ዝቕንጥጠሉ ደረጃ ኣይበጽሐን።
ረሳሕ ፈሳሲ ኣብ ምጽራይን ዳግመ
ምጥቃምን ደረጃና ትሑት እዩ።
እዚ ይኹን እምበር ብዓቕምና ካብ
ነፍሲወከፍ ገዛና ዝወጽእ ጐሓፋት
ኣብ ምጉዳልን ብውልቅና ክንገብሮ
ዝግበኣና ኣተኣላልያ ብዝሓሸን
ውሕሉልን ኣገባብ ክንጥቀም
እንተኽኢልና፡ ማይ ክዖና ካብ ብከላ
ኣብ ምውሓስ ዘይነዓቕ ኣበርክቶ
ክህልዎ እዩ። ኣብ ኩለን ምምሕዳራት
ኣስመራ ከም ኣብነት እንተወሲድና፡
ኣብ ከባቢአን ዘሎ ክፉት ቦታታት
ናይ ምሕላው ሓላፍነት ኣለወን።

ንኣብነት ኣብ ከተማ ኣስመራ
ዝርከቡ ክፉታት ቦታታትን
መስመራት ናይ ዝናብ ማያትን
ከም ቀንዲ መጉሓፊ ኮይኖም
ትረኽቦም። ካብ ኣብያተ ዕዮታት
ዝወጽኡ ንጥዕና ተጓዳእቲ ነገራት
ዝሓዙ ጐሓፋት፡ ጸልማት ከውሊ
ብምግባር ኣብ ክፉታት ቦታታትን
መስመራት ማይን ምጉሓፍ ንቡር
ተርእዮ ኮይኑ ይርከብ። ጽርግያታት
ኣስመራ ንግሆ ንግሆ ክጸሪ ትርኢ፣
ኣብ ጎድኒ እቲ ጽርግያ ዘሎ ትርኢት
ግን ኣይግድን። ጐሓፍካ ካልኦት
ከምዘይርእዩዎ ምግባር’ሲ ካብ ድሙ
ክንመሃር ዝግበእና እዩ። እዚ ማለት
ጐሓፋትና ከዊልና ንጉሓፎ ከስምዕ
የብሉን፡ የግዳስ ኣብ’ቲ ዝግበኦ ንብከላ
ኣከባቢ ብዘየቃልዕ ኣገባብ ንምትግባር
ንምዝኽኻሩ እምበር።
ብዙሕ ከባቢታት ሃገርና ውሑስ
ኣተእላልያ ጐሓፋት የብሉን፡ እዚ

ግን ንሓደ ናይ መንግስቲ ትካል ወይ
ውልቀ ሰብ ዝግደፍ ዕማም ኣይኮነን።
ምሕደራ ጐሓፍ ናይ ኩሉ ሰብ
ትካላት መንግስቲ ወዘተ ዕማም እዩ።
ምኽንያቱ ይዕበ ይንኣስ ይውሓድ
ይብዛሕ መርዛም ወይ ዘይመርዛማት
ጐሓፍ ብዓቕሙ ዘይፈጥር ስለ ዘየለ።
ሓደ ሓደ ኣብ ትሕተ-ባይታዊ ማይ
ኣስመራ ዝተፈጠረ ጸገም ኣብ ካልኦት
ክፍጠር ክንጽበ የብልናን። ከም
ዓቢ መምሃሪ ወሲድና ኣብ ካልኦት
ከተማታት ዝተጸንዐ መስመራት
ረሳሕ ፈሳሲ ከነዋድድ የድልየና። እዚ
ድማ ደድሕሪ ቃጸሎ ካብ ምኻድ
ሓዊ ከይተቓጸለ ምቁጽጻር ዝበለጸ
ስለዝኾነ፡ ሜላ ቅድመ ምቁጽጻር
ኣስፊሕና ክንጥቀመሉ ይግበኣና።

ኣብ ኩለን ከተማታት ሃገርና ዝርከቡ
ኣባይቲ ኩላቶም ምስ መስመራት
ረሳሕ ፈሳሲ ዝተላገበ ዓይነ-
ምድሪ ክህልዎም ይግባእ። ኩለን
ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን
ገጠራትን ብግቡእ ዝተጸንዐ ምስ ማይ
ክዖን ኣከባቢአንን ዝሳነ ዝሓሸ ናይ
ደረቕ ጐሓፍ መጉሓፊ ቦታን ሜላን
ክህልወንን ብግቡእ ከመሓድረኦን
ይግባእ። ኩለን ሃገራውያን ትካላትና፡
ኩባንያታትን መሻርኽትን ኣብ ክቢ
ናይ ስራሕ እጃመንን መደባተንን
ንማያዊ ጸጋታትና ክጸሉ ዝኽእል
ንጥፈታት ብንቕሓት ክርእዮኦ
ይግባእ። ኩሎም ተቖጻጸርቲ
ኣካላት፡ ወሃደራት ከተማን ካልኦትን፡
ምቁጽጻር ናይ’ዞም ኣብ ከባቢናን ኣብ
ጥዕና ሕብረተሰብናን ኣሉታዊ ሳዕቤን
ዘለዎም ካብ ኩሎም ትካላት ዝወጹ
ደረቕ ይኹን ረሳሕ ፈሰስቲ ጐሓፋት፡
ኣብ መዓልታዊ መደባትና ዕዙዝ ቦታ
ክንህቦ ይግበኣና። ረሳሕ ፈሳሲ ከም
ፈውሲ ደሮና ኣብ ናይ ስራሕ ቦታኦም
ዝድግድጉ ጋራጃት፡ ኣብ ፈቐድኡ
ዘይቲ ዝቕይሩ ወነነቲ ተሽክርከርቲ፡
ዘዐርዩ መካኒክን መራሕቲ መካይንን፡
ዘይቲ እናንጠብጠባ ዝኸዳ ዝኣረጋ
ማካይን፡ ብሸለልትነትን እንታይ
ገደሰንን ናይ ጽርግያ ማፋታት

(ፋኛቱራታት) ዝደፍኑ ወገናት፡
ቢንቶታት ብጐሓፍ ዝዓብሱ ኣካላት፡
ኣብ ጥዕና ሕብረተሰብናን ኣብ
ትሕተ-ቕርጺን ዘውርድዎ ዕንወት
ብሓቂ ከምዝርደኦም ምግባር
ከምዘድሊ ዝፍለጥ እኳ እንተኾነ፡
ብእንታይ ገደሰንን ረብሓን ይብረዝ
ስለዘሎ፡ መረዳእታና ከነዕብን ነቶም
ኣብ’ዚ ሕማቕ ስራሕ ዝዋፈሩ ድማ
ኣራሚ ስጉምቲ ክንወስድን ይግባእ።

ኣብ መወዳእታ፡ ነዞም ኣብ ላዕሊ
ዝተገልጹ ከነተግብሮም ኣተኵሮ
ክንገብሮሎም ዝግበኣና ጉዳያት
ኣቓልቦ ብምሃብ፡ ኣብ ጽፍሓዊ
ይኹን ትሕተ-ባይታዊ ወይ’ውን
ባሕራዊ ጸጋታት ማይና ኣብ ርእሲ
እቲ ዘለዎ ዋሕዲ፡ ናይ ብከላ
ስግኣት ክንፈጥረሉ የብልናን።
ምሕላው ጸጋታት ማይና ከም ዝዓበየ
ሃገራዊ ድሕነትና ወሲድና ኩላትና
ብንቕሓትን ብዝተወደበ ኣገባብን
ክንዋሳኣሉ ይግበኣና።





ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.54 1 ሕዳር 2026 - ገጽ 5

ካብ ታሪኽ ሰውራና
መሓመድ እድሪስ

መበል 13 ክፋል

5. ክፍሊ ማሕበራዊ

ጕዳያት፦

ክፍሊ ማሕበራዊ ጕዳያት
ብሰፊሑ ኣብቲ ብሚኒስትሪ ዕዮን
ሰብኣዊ ድሕነትን ዝተዳለወ
‘ዘይተነግረ ገድሊ’ ዝብል መጽሓፍ
ብሰፊሑ ሰፊሩ’ኳ እንተሎ፡ እዚ
ክፍሊ’ዚ እንታይ ከም ዝመስል
ብጽምቚ ዝበለ ምርኣይ ኣገዳሲ
እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ እዋን ቃልሲ፡
ከም ውጽኢት ናይቲ ነዊሕ ኲናት
ንዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ሽግራት
ይቃላዕ ነይሩ እዩ። ስንክልና፡
ዝኽትምና፡ ስደትን ምዝንባል
ናብራን መካይድቲ ኲናት እዮም።
ነዞም ሽግራት እዚኣቶም ንምቅላልን
መሰረታዊ ፍታሕ ንምርግጋጽን፡
ክፍሊ ማሕበራዊ ጕዳይ ዝሰርሓሉ
ዝነበረ ሓደ ካብ ዓበይቲ ንጥፈታት
ደጀን እዩ።

በዚ ድማ፡ ዓድታቱ ዝነደደን
ካብ ጃምላዊ ህልቂት ዘምለጠን
ኣሽሓት ህዝቢ ዝዕቈበሉ መደበር
ዕቝባት ኣብ መፋርቕ ሰብዓታት
ኣብ ደብዓት፡ ድሕሪ ምዝላቕ ድማ
ኣብ ጭልሕንተ ካብኡ ቀጺሉ ክሳብ
ናጽነት ድማ፡ ኣብ ዓሬርብ፡ ባድን
ወግሬት ከባቢ ናቕፋን ደኲኑ።
ኣብዚ መደበራት’ዚ፡ መሃይምነት
ናይ ምጥፋእ ዘመተ ብምክያድ
ኰነ፡ ካልእ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት
እናወደበ፡ ህዝቢ ፖለቲካዊ ንቕሓቱ
ክብ ዘብለሉ መደባት የተግብር
ነበረ። ብመትከል ርእስኻ ምኽኣል
ዕቚባት ኣብ ዝተፈላለየ ጠለባቶም
ዘማልኡሉ ቊጠባዊ ንጥፈታት ከም
ዝዋፈሩ ይገብር ነይሩ።
ኣብ ኲናት ዝሰንከሉ ተጋደልቲ

ስንቂ ተጋዳላይ ኣብ ትሕቲ ኣግራብ

ኣብ ትሕቲ ማሕበራዊ ጉዳይ ዝእለዩ ዝነበሩ ህጻናት ሰውራ ኣብ ስንጭሮታት ዓሬርብ እናተዘናግዑ

ስንኩላን ኣብ ባህላዊ ምርኢት

ኣብ ዝሓለፈ ሕታማት ካብቶም ሌላ ምስ ደጀንን ክፍልታትን ህዝባዊ ግንባር
11 ክፍልታት ህዝባዊ ግንባር፡ 4
ክፍልታት፡ ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር፡
ክፍሊ ቍጠባ፡ ክፍሊ ሓለዋ ጥዕና
ከምኡ’ውን፡ ክፍሊ ሃገራዊ መርሓ
ርኢና ነይርና። ኣብዚ ናይ ሎሚ
ሕታምና ድማ፡ ክፍሊ ማሕበራዊ
ጕዳያት ክንርኢ ኢና።

ምእላይ ካልእ ዝዓበየ ዕማም
ነይሩ። በዚ ድማ፡ ኣብ ደጀንን
ፖርትሱዳንን ስንኩላን ዝዕቈቡሉ
መደበራት ከፊቱ፡ ሕክምናዊ ክንክን
ከም ዝረኽቡ ኣብ ርእሲ ምግባር፡
ካብ ምጥፋእ መሃይምነት ጀሚሩ፡
ምስ ዓይነት ስንክልናኦም ዝኸይድ፡
ኣካዳሚያውን ሞያውን ትምህርቲ
ከም ዝረኽቡ ይገብር ነይሩ።

በቲ ዝወሃብ ዝነበረ ትምህርቲ
ዝተቐስመ ክእለትን ንቕሓትን፡ እቲ
እግሩ ዝተቖርጸ ነቲ ዓይኑ ዝዓወረ
እናመርሐ፡ ካልእ ዓይነት ስንክልና
ዘለዎም ድማ፡ ንሓድሕዶም
እናተደጋገፉ፡ ኣባይቲ፡ መምሃሪ
ክፍልታት፡ ኣደራሻት፡ ናይ ሙዚቃ

ስትድዮታት ወዘተ፡ ብምህናጽ

ንመደበሮም (መዓስከር ብደሆ -
ኣብ ጀልሃንትን ዓሬርብን) ናብ
ኣብነታዊ ዓድታት ክቕይርዎ
ክኢሎም እዮም።

ካልእ ክፍሊ ማሕበራዊ ጕዳይ
ዝነጥፈሉ ዝነበረ ዕማም፡ ምዕባይን
ምምሃርን ህጻናትን ቈልዑን እዩ።
ደቂ ተጋደልትን ዘኽታማትን ህጻናት

ቈልዑን መምስ ዕድመኦም ዝሳነ
ትምህርቲ ብምሃብ ዝተመጣጠነ
መግቢ ብምቕራብ፡ ንኣካላውን
ኣእምሮኣውን ምዕባለኦም ዝሕግዙ
ናይ መጻወትን ትምህርትን ንዋት
ብምድላው ብጽቡቕ ክንክን
ንኽዓብዩ ብዝተኻእለ መጠን
ጻዕርታት የካይድ ነይሩ።

ክፍሊ ማሕበራዊ ጕዳይ፡
ማሕበራዊ መሰላት ሰራሕተኛታት፡
ደቂ-ኣንስትዮ፡ ህጻናትን
ኣረጋውያንን ንምርግጋጽ፡ ነዚ
ዝምልከት ሕጋጋት እናውጸአን
እናኸለሰን ኣብዚ መዳይ’ዚ ጽቡቕ
ምዕባለታት ኣመዝጊቡ እዩ።
ኣብ ጐረባብቲ ሃገራት ዝነበሩ

ኤርትራውያን ስደተኛታት ሰብኣዊ
መሰላቶም ከም ዝኽበር ንምግባርን
ካብ ኣህጉራውያን ትካላት ሓገዝ
ንኽረኽቡን እውን፡ ብዙሕ
ጻዕርታት እኳ እንተ ኣካየደ፡ ከምቲ
ዝድለ ክሰልጦ ኣይከኣለን።

ማሕበር ረድኤት ኤርትራ ክፍሊ
ማሕበራዊ ጕዳይ ንዝነበሮ ዓቢ
ቊጠባዊ ሕጽረታት ንምምላእ ናብ
ማሕበረሰብ ዓለም
ዝቐንዐ ተደጋጋሚ
ጻውዒታትን ርክባትን
ኣካዪዱ፡ ዝምስገን
ደገፍ እኳ እንተ
ገበረ፡ ምስቲ መጠን
ናይቲ ማሕበራዊ
ጸገም ግን ዝመጣጠን
ኣይነበረን።

እዚ ኹሉ
ሕጽረታት እናሃለወ፡
ክፍሊ ማሕበራዊ
ጕዳይ ናይ መጽናዕቲ
ጋንታታት ናብ

ካብ ሰነዳት ስእልታትና

ብጻይ ምእንቲ ብጻዩ!

ኣብ ሰውራ ብጻይነት
ሓደ ካብ ክብርታት
ተጋዳላይ እዩ ዝነበረ።
እዚ ሕላገት ገድልና
ዝዀነ ሓደ ብጻይ
ወይ ብጸይቲ ንብጻዩ
ቅድመኻ ይስጠሓኒ
እናበለ፡ ኣብ እዋን
ውግእ፡ ህይወት ብጻዩ
ከድሕን፡ ስዉእ ወይ
ውጉእ ብጻዩ ድሕሪት
ገዲፉ ንነብሱ ጥራይ
ከድሕን ምሕሳብ ዒብ
ነይሩ። ንዝተወጸዐ
ብጻይካ ምሕጋዝ ድማ፡
እቲ ብጻይ ንብጻዩ
ዝልግሶ ዝነበረ ቅዱስ
ወይ ሰናይ ግብሪ እዩ።

እዛ ንርእያ ዘለና
ስእሊ ባዕላ ትዛረብ’ኳ
እንተዀነት፡ እቲ
ዝተወጸዐ ብጻይ ኣብ
ባሬላ ደቂሱ ክስዋእ ድዩ ክሰርር ፍርዱ ይጽበ ኣሎ። ኣብቲ ባላ ወይ ገረብ ዘይብሉ ቀላጥ ቦታ፡ እቲ ብጻይ ነቲ ውጹዕ ብጻዩ፡ ክንዲ መንጠልጠሊ ኰይኑ

ነቲ ኢንፍዩዥን (ማይ ሓይሊ) ክሳብ እግሩ ዝረዝዝን ኢዱ ዝድንዝዝን ጠልጠል ኣቢሉ ክውዕል፡ ብሓቂ ነቲ ኣብ ዘመነ ገድሊ ዝተጠርየ ብጻይነት የርእየካ። እዚ ድማ እዩ፡ እቲ ተወፋይነት ወይ ብጻይነት ዝበሃል፡ እወ ብጻይ ምእንቲ ብጻዩ ህይወቱ ከፊሉ እዩ ዝስየፈሉ ዝነበረ።

መልሲታት ናይ ዝሓለፉ

ሕቶታት ታሪኽ

1. ሐ/ ቅሮራ ተሰነይ (ቅሮራ 7 ጥሪ 1977፡ ተሰነይ 15 ጥሪ 1984)

2. ሀ/ 20 ጥቅምቲ 1977 ኣብ ካርቱም።

3. 10 ጥቅምቲ 1985

4. ሀ/ ን/ዞባ ቅሮራ (ኣብ ጫፍ ኤርትራን ሱዳንን ዝርከብ ኣብ እዋን 6ይ ወራር ሰራዊት ደርግ ብዶብ ሱዳን ሰጊሩ ንሓጺር ግዜ ዝዓረደሉን ብርቱዕ ኲናት ዝተኻየደሉን ጎቦ እዩ።

5. 1ይ ጉባኤ (23-31 ጥሪ 1977)

ሓራን ኣብ ትሕቲ ጸላኢ ዝነበረ
ቦታታትን ብምውፋር፡ ንጠንቅን
ኣፈታትሓን መሰረታዊ ሽግራት
ህዝቢ ብምጽናዕ፡ ዓይነትን ሚዛንን
ናይቲ ዝድለ ሓገዝ የቕርብ ነይሩ።

መብዛሕትኡ እቲ ናብ ማሕበር
ረድኤት ኤርትራ ዝቐርብ ዝነበረ
መጠን ናይቲ ሽግራት ንምፍትሑ
ዘድሊ ሓገዛት ከኣ፡ ኣብ ውድዓዊ
ጭብጥታት ዝተመርኰሰ ነይሩ።

ስእሊ፡ ጨ/ስእሊ ሚ/ዜና

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.54 1 ሕዳር 2026 - ገጽ 6

ምልክታ ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

ንካልኣይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ዓይነት መግቢ፦ ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ስጋ፡ እምቋቑሖ ሆላንድ ፍሩይ፡ ዝተቓመመ በርበረ፡ ጸባ
ከብቲ፡ መሰንከቲ ባኒን መጥሓኒ እኽልን፡
ኣሃዱ፦ ዞባዊ መወከሲ ሆ/ መንደፈራ፡ ቤ/ት ተሓጋገዝቲ ነርስ መንደፈራ፡ ኮማዊ ሆ/ድባርዋ፡
ኮማዊ ሆ/ዓረዛ፡ ሆስፒታል ዓዲዃላ፡ ኮማዊ ሆ/ኣውሓ፡ ሆ/ደቀምሃረ፡ ኮ/ሆ/ሰገነይቲ፡ ሆ/ዓዲቐይሕን ሆ/ሰንዓፈን፡
ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ
ዓይነት ጨረታ፦ ሃገራውዊ ክፉት ጨረታ
ጨ/ሚ/ጥዕና ዞባ ደቡብ ንዓመተ 2027 ካብ 01/01/2027 ክሳብ 31/12/2027 ኣብ ትሕቲኡ ንዝርከባ ሆስፒታላትን ቤ/ት ተሓጋጋዚ ነርስን ንሕሙማትን ተመሃሮን ኣገልግሎት ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከጫርት ስለ ዝደለየ፡ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ መግቢ ይዕድም።
ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት፡-

1. ጨ/ሚ/ጥዕና ዞባ ደቡብ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ፡ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ስጋ፡ እንቋቑሖ ሆላንድ ፍሩይ፡ ዝተቓመመ በርበረ፡ ጸባ ከብቲ፡ መሰንከቲ ባንን መጥሓኒ እኽልን) ብዕሹግ ደብዳቤ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ተጫረትቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓመተ 2025 ናጻ ካብ ዕዳ ናይ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር፡ ቅዳሕ መንነትን ቅብሊት ናይ ፕሮፎርማን ዝኸፈልሉ ይቕርቡ።
3. ብቑዓት ተጫረትቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ጥረ ገንዘብ 100.00(ሚእቲ ናቕፋ) ዘይምለስ ከፊሎም ክወስዱ ይኽእሉ ።
4. ጨረታ ኣብ ታሕቲ ብዘሎ ኣድራሻን ዕለትን ሰዓት 09፡45 ቅ.ቀ ክበጽሕ ይግባእ። ጨረታ ተጫረትን ሕጋውያን ወከልትን ኣ ዝተረኽብሉ ኣብ ታሕቲ ተሓቢሩ ብዘሎ መሰረት ሰዓት 10፡ 00ቅ.ቀ ጨረታ ብግልጺ ይኽፈት።
5. መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ ንኣሕምልትን ፍረታትን ስጋን ነፍሲ ወከፍ 50,000.00(ሓሙሳ ሽሕ ናቕፋ)፡ ንእንቋቑሖን ጉፍሮ በርበረ ምስ ቀመሙን ጸባ ከብትን ነፍሲ ወከፍ 20,000.00(ዕስራ ሽሕ ናቕፋ)፡ ከምእውን ንመሰንከቲ ባንንን ንመጥሓኒ እኽልን ከኣ 10,000.00 ናቕፋ ብሲ.ፒ.ኦ(CPO) (ብተወሳኺ ቅዳሕ ሲፒኦ) ሒዞም ክቐርቡ ይግባእ።
6. ተጫራቲ ነቲ ዝተዓወተሉ ዓይነት መግቢ ብናቱ መጓዓዝያ ናብ ዝተዓወተሉ ትካል ጥዕና ይብጽሕ።
7. ጨ/ሚ/ጥዕና ዞባ ደቡብ ብምሉእ ወይ ብከፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።
8. ምሉእ ሓበሬታ ናይዚ ዝካየድ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ዝወጽእ ምልክታ ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም።
ተወሳኺ ሓበሬታ፡
1. መወዳደሪ ቅጥዒ ጨረታ (ፕሮፎርማ) 2027 ካብ ዞባዊ መወከሲ ሆስፒታል መንደፈራ ቁጽሪ 20 ብተወሳኺ ካብ ሆ/ዓዲዃላ ደቀምሓረ ዓዲቀይሕን ሰንዓፈን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክወስዱ ይኽእሉ።

2. ጨረታ ዝካየደሉ ዕለታት፡ መንደፈራ 11/11/26 (ናይ ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ዝተቓመመ በርበረን መሰንከቲ ባንን ገዲፍካ ኣብ ናይ ካልኦት ዓይነታት ቀረብ መግቢ ክጫረቱ ይኽእሉ)፡ ደቀምሓረ 10/11/26 ዓዲቀይሕ 12/11/26 ሰንዓፈ 13/11/26 (ኣብ ኩሉ ዓይነታት ቀረብ መግቢ ጨረታ ክካየድ እዩ)
3. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፦
3.1 ካብ ቤ/ጽ ጨ/ሚ/ጥዕና ዞባ ደቡብ ቁጽሪ 12 (611130) ክውከሱ ይኽእሉ።
3.2 ሓበሬታ ብኣካል ይኹን ብቴለፎን ምውካስ ይከኣል።

ንኻልኣይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ዓይነት መግቢ (ኣሕምልትን ፍረታትን ስጋ ጤለበጊዕ እንቋቑሖ ሆላንድ ፍሩይ፡ ጉፍሎ በርበረ ምስ ቀመሙ ጨው ጸባ ከብቲ ባኒ መሰንከቲ ባኒ(ሕብስቲ) መጥሓኒ እኽሊ
ኣሃዱ፦ ጨንፈር ምኒስትሪ ጥዕና ዞባ ጋሽ ባርካ
ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ
ጨንፈር ሚ/ጥዕና ዞባ ጋሽ ባርካ ንዓመተ 2027 ካብ ወርሒ 01/01/2027 ክሳብ 31/01/2027 ዓ/ም ኣብ ትሕቲኡ ንዝርከባ ሆስፒታላት ከምእውን ቤት ትምህርቲ ተሓጋጋዚት ነርስ ባረንቱ፡ መወከሲ ሆስፒታል ዞባ ጋሽ ባርካ፡ ሆስፒታል ተሰነይ፡ ሆስፒታል ኣቑርደት፡ ሆስፒታል ጎልጅ ንሕሙማትን ተመሃሮን ዝውዕል ቀረብ መግቢ ኣጫሪቱ ክዕድግ ስለዝደለየ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት (ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ኣርባዕተ ሆስፒታላት ንሕሙማት ዝውዕል መግቢ ቤት ትምህርቲ ተሓጋጋዚት ነርስ ባረንቱ ንተመሃሮ መግቢ)
1. ጨ/ሚ/ጥዕና ዞባ ጋሽ ባርካ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ(ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ስብሒ ዘይብሉ ስጋ ከብቲ፡ ስጋ ጠለበጊዕ፡ እንቋቑሖ ናይ ሆላንድ ፍሩይ፡ ጸባ ከብቲ፡ ባኒ፡ ጉፍሮ በርበረ ምስ ቀመሙ፡ ጨው መጥሓኒ እኽሊ፡ መሰንከቲ ሕብስቲ፡ ብዕሹግ ደብዳቤ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ ቅዳሕ 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመተ 2025 ክሊራንስ ናይ ኣታዊ ውሽጢ ሃገርን መንነትን የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ኣቶ ኢያሱ ሃብተ ብቑጽሪ ቴለ 731339/07190264 ቤት ትምህርቲ ተሓጋጋዚት ነርሳት ባረንቱ ናይ ጨረታ ሰነዳትን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተጫረትቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00(ሓሙሳ ናቕፋ) ከፊሎም ቅብሊት ክወስዱ ይግባእ።
6. ጨረታ ዝቐርበሉ ቦታ መወከሲ ሆስፒታል ባረንቱ ንዕለት 30/10/2026 ሰዓት 9፡45ቅ.ቀ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንጉዩ ዝቐረበ ጨረታ ይንጸግ። ተጫረትቲ፡ ሕጋውያን ወከልቲ፡ ስነ-ስርዓት ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጹ ሰባት ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ኣዳራሽ መወከሲ ሆስፒታል ባረንቱ ይቐርብ።
7. መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ ንኣሕምልትን ፍረታትን፡ ስጋ ከብቲ፡ ባኒ፡ ነፍሲ ወከፍ 20,000.00(ዕስራ ሽሕ ናቕፋ)፤ ናይ ጉፍሮ በርበረ ምስ ቀመሙ፡ ጨው ጸባ ከብትን ነፍሲ ወከፍ 20,000.00(ዕስራ ሽሕ ናቕፋ) ብሲፒኦ ከትሕዝ የቕርብ።
8. ጨረታ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስቲ ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ተጫራቲ ነቲ ዝተዓወተሉ ዓይነት መግቢ ብናቱ መጓዓዝያ ናብ ዝተዓወተሉ ትካል የቕርብ።
10. ጨ/ሚ/ጥዕና ዞባ ጋሽ-ባርካ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።
ቤት ጽሕፈት ምምሕዳርን ፋይናንስን ጨ/ሚ/ጥዕና ዞባ ጋሽ ባርካ - ባረንቱ፡ ቁ.ቴለ 731210፡

ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና እነፍቅሮ ክቡር በዓል ቤተይ ኣፈወርቂ የውሃንስ
ባርያጋብር ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገልጽና፡ ኣብ ሓጺር
ናይ ሕማም ግዜኡ ዝበጻሕኩም፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ክሳብ ዝግፈት
ብምኻድ ዘቃብርኩሙና፡ ገዛና ብምምልላስ ካብ ውሽጥን ወጻእን
ቴለፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩሙና ቤተክህነት፡ ቤተሰብ፡ ፈተውቱን መሳርሕቱን ክብረት ይሃበልና፡ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ዕዙዝ

(ብልቢ)ምስጋናና ነቕርብ።

በዓልቲ ቤቱ ወይዘሮ ኣስመረት ሃብቱ ተድላ ምስ
ደቃን ምሉኣት ስድራቤ

ንሳልሳይ ግዜ ዝወጸ ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ዜና ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ቤት ጽሕፈቱ ዘሎ ካፈተርያ (ቤት መግብን መስተን) ከጫርቶ ስለዝደለየ፡ ግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም።

ተጫረትቲ ከማልኡዎ ዘለዎም ነጥብታት

- ተጫረትቲ ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎም፡ ናይ 2025 ግብሪ ዝኸፈሉሉ ክሊራንስ የቕርቡ።
- ተጫረትቲ ናይ ካፍተርያ ወይ ተመሳሳሊ ስራሕ ተመኩሮ ዘለዎም ክኾኑ ይግባእ።

- መኽበሪ ጨረታ 10,000.00 ናቕፋ (ዓሰርተ ሽሕ ናቕፋ) C.P.O ወይ ብጥረ ገንዘብ ከትሕዙ ይግባእ።
- ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጽኣሉ ዕለት፡ ንዓሰርተ ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ይኸውን። ሳንዱቕ ጨረታ፡ ጽባሕ’ቲ ጨረታ ዝወድኣሉ ናይ ስራሕ መዓልቲ ልክዕ ሰዓት 3፡00 ድ/ቀትሪ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት።
- ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ዜና፡ ኣካል ዕድጊ ብምምጻእ፡ መጫረቲ

ሰነድ ቅጥዒ ክትወስዱ ትኽእሉ። (ንዝያዳ ሓበሬታ ተሌ. 121884/201820 ተወከሱ)
- ሚኒስትሪ ዜና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ በዚ ጨረታ’ዚ ኣይግደድን እዩ።

ሚኒስትሪ ዜና

ኣቶ ኣወል ስዒድ መሓመድ ዝተፈቕደሎም ናይ መስፈይ ክዳውንትን ምክራይ ቬሎን ንግዳዊ ትካሎም “ቤት ስፌትን ምክራይ ቬሎ ኣያት” (AYAT SEWING DRESS & BRIDAL WEAR RENTAL) ተባሂሉ ክስየመሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ኣብ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ። እንተዘይ ኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምእንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጢ ንግዲ

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ትብለጽ ነጋሽ ወርደፋ ኣደይ ለምለም ናይዝጊ

ብርሃነ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ
ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ
ን2/12/26 ኣብ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.54 1 ሕዳር 2026 - ገጽ 7

ኣብ ክብሪ ህዝቡ ዝነብር ህዝባዊ ሰራዊት

መጽሔት ሳግም፡ ኣብ ናይ 1991 ናይ
ሰነን ሓምለን ሕታማ፡ ከምዚ ዝብል ጽሑፍ
ኣስፊራ ነይራ፡ “ምዝዛም መድረኻዊ
ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ፡ ምድምዳም
ተጋድሎ ብዓንደ ርእሱ ከምዘይኰነ
ርዱእ’ዩ። ሓደ ዓቢ ምዕራፍ ናይ ቃልሲ
ብዓወት ተዛዚሙ፡ ዝኸበደ ምዕራፍ
ናይ ተጋድሎ ድማ፡ ተኸፊቱ’ሎ። ኣብ
መስርሕ ሰንሰለታዊ መግዛእታዊ ዓመጽ፡
ቊጠባ ኤርትራ ተዳኺሙ፡ ቀንዲ ዕቑር
ሃብታ ብግቡእ ዘይተመዝመዘ ኣብ ርእሲ
ምዃኑ፡ እቲ ዝርካቡ ትካላታን ዝተፈተነን
ኣብ መዓላ ኤርትራዊ ምዕባለ ኣይወዓለን፡
ዝርካቡ ትሕተ ቅርጽን ትካላትን ዓንዪ።
እምበኣር ዕማማት ዳግመ ህንጻን ተሃድሶን
ተበጊሱ ጥራይ’ዩ ዘሎ። እቲ ብድሆ
ከቢድ’ዩ። ጽንዓትን ተወፋይነትን ህዝቢ
ኤርትራ ነዚ ብድሆ’ዚ ብብቕዓት ከም
ዝገጥሞ ኣየጠራጥርን። ምዝዛም ናይ
ብረታዊ ተጋድሎ ከምቲ ብልዕሊኡ

ክመስሎ ዝኽእል ዘዛኒ ዘይኮነ ነቲ ህጹጽ
ዘየላቡን ተልእኾ ብድቃስ ዘይብሉ ጻዕሪ
ንምግጣም ዝድርኽ እዩ፡” ይብል። እዚ
ቃል፡ ቃል መላእ ሓፋሽ ህዝቢ እዩ። ነዚ
ዕማም’ዚ ኣብ ሸቶኡ ከብጽሕ ናይ ቅድመ
ግንባር ሓላፍነት ዝወስድ እምበኣር እቲ
ህዝባዊ ሓላፍነት ዝጾረ፡ እቲ ብቓልን
ግብርን፡ ብረሃጽን ደምን ዝመሓለ
ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ እዩ። ጾር
ሓፋሽ ኣብ ምዕራፉ ንምብጻሕ ማንም
ሰብ ዝፍጽሞ ዘይኮነ፡ ህዝባዊ ክብርታት
ዝወነነ ብዓል ሕላገት ጥራይ እዩ ዘሰላስሎ።
ነዚ ተልእኾ ሓፋሽ፡ ካብ ክብሪ ሓፋሽ
ተበጊሱ ናይ ገዛእ ርእሱ ክብርታት ከኣ
ይውስኸሉ። ህዝባዊ ተልእኾ ድማ፡
ኣብ ክብርታት ሓይልታት ምክልኻል
ይምስረት። ንተልእኾ ብኽብርታቱ ይዓሞ፡
ብኽብርታቱ ይልክዖ። ንዓመጽን ወጽዓን
ዝፍንፍን፡ ንፍትሕን ማዕርነትን ዝቃለስ፡
ብታህዲድን ፈኸራን ዘይርዕድ፡ ሓሶትን
ስርቅን ዝፍንፍን፡ ብርሃጽካ ምንባር ጥራይ
ዝኣምን፡ ናይ ሰብ ዘይጥምትን ዘይምነን፡
ስስዐን ንዓይ ይጥዓመንን ወጊድ ኢሉ፡
ነታ ዘላቶ ዘካፍል፡ ትውሓድ ትብዛሕ ነታ
ዘላቶ ዝውፊ ሰራዊት ብምዃኑ በጃ ህዝቡ
ይሓልፍ። ህዝባዊ ጾር ኣብ እንግድዑ
ተሰኪሙ ንኽምርሽ ከኣ፡ ካብ ክብርታት
ህዝቡ ክብርታት ሰራዊት ይፈጥር።

ናይ ዓወት መንፈስ ሓደ ሰራዊት
ኣብ ክብሩ’ዩ ዝህነጽ። ንተልእኾኡ
ብልቡ ዝተቐበለ ሰራዊት፡ ዝገጥሞ ሽግር
ክሰግር፡ ጸዓቱ ከወሃህድ ዝእግሞ የለን።
ወሰን ኣውሒሱ ማእከል ከምውቕ ኣብ
ክብርታቱ ይምርኰስ። ንህዝቡን ሃገሩን

ካብ ጸላኢ ንምክልኻል ኣብ ሓደ ይዓስል።

ዝተወሃበካ ዕማም፡ ናተይ ናትካ ከይበልካ
ኣብ ሸቶኡ ንምብጻሕ ኣሰጉማኻ ሓደ፡
ቅኒት ልብኻ ማዕረ ክኸውን ንተልእኾኻ
ካብ ምርዳእ እዩ ዝብገስ። ተልእኾኡ
ዝተረደአ ሰራዊት መምርሒ ከይተጸበየ
ተበግሶ ይወስድ። ተበግሶ፡ መበገሲ ኵሉ
ክብርታት’ዩ ኣብ ሓይልታት ምክልኻል
ኤርትራ። ተበግሶ፡ ብዘለካ ዓቕምን
ሓላፍነትን፡ ክግበር ዝግብኦ ነገራት ካብ
ላዕለዎት ከይተጸበኻ ስራሕካ ናይ ምዕማም
ብቕዓት’ዩ። ኣብ ሰራዊት ኤርትራ ተበግሶ
ምውሳድ ግዴታ’ዩ። ተበግሶ ካብ
እምነት ኣብ ዕላማ’ዩ ዝነቕል። ኣብ ዕላምኡ
ዝኣመነ ንፍርሑ ናብ ትብዓት፡ ንድኻሙ
ናብ ሓይሊ ክቕይር፡ ዲስፕሊናዊ ክብሩ
ድርኺት ይፈጥረሉ። ርእሰ ዲስፕሊን
ድማ ንርእስኻ ብምስራዕን ብምቍጽጻርን
ነቲ ዝተሓንጸጸ መደባት ኣብ ግዜኡ
ንኽትፍጽም ዘኽእል ባህሪ እዩ። ውልቃዊ

ጸዓት ኣብ እኩብ ጸዓት ኣበርክቶኡ
ክዓዝዝ ርእሱ ዝመልኽ ሰራዊት ክህልወካ
ኣለዎ። ኤርትራዊ ሰራዊት ርእሱ መሊኹ፡
ንዓወት ብትምኒት ዘይኮነ ብግብሪ ይዓየላ፡
ንምቾት ብባህጊ ዘይኮነ ብጻዕሪ ይደልያ።
ትህኪት ምስቲ ንሱ ዝተሰከሞ ጾር ሓፋሽ
መካይድቲ ስለ ዘይኮነት፡ ኤርትራዊ ሰራዊት
ርእሱ መሊኹ ሃገር ኣብ ዝጸውዓቶ ዕማም
ብዘይተጕላባነት ይዓዪ። ከቢድ ናይ ኲናት
መድረኽ ሰጊሩ፡ ናብ ልምዓት ይወፍር፡
ንእንተታት ወትሩ ድሉው ስለዝኾነ
ናብ ተዓሊም’ውን ይምለስ። ዲስፕሊን፡
ኣብ ሓያል ርእሰ ተኣማንነት ዘለዎ ሰብ
ዝርከብ ጸጋ’ዩ። ኤርትራዊ ሰራዊት
ኣብ ነብሱ ተኣማሚኑ ብዘይምውልዋል
ዕማሙ የሰላስል። ነብሱ ስለ ዝኣምን
ምስ ብጾት ብተኣማንነት ይዓዪ፡ ንህዝቡን
መንግስቱን እሙን ኮይኑ የገልግል።
ሰራዊት ምስ ኲናትን ኣብ ኲናትን እዩ
ዝነብር። ሰላም ክዕቕብ ንኲናት ይዳሎ።
ንሓያል መድረኽ ክሰግር፡ ባህርያውያን
ሓደጋታት ክመልኽ ተጻዋርነት ኣብ

መሳርዕ ክብርታቱ ይሰርዕ። ህዝባዊ
ሰራዊት፡ ተጻዋርነት ኣንቃዕሪራ እትጥምቶ
ዓቐን ምጽማም’ዩ ዝውንን። ንሓደ ካብ
ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ብዛዕባ እዚ
ምስ ሓተትክዎ፡ “ ኣነን ሓወይን እነሀና
ኲናት ዓሚምና ናብ ልምዓት ንወፍር።
ስድራ ዕድመ ደፊኦምዮም ኣላይ
ይደልዩ። ግን ሃገር ትጠልቦ ይዓቢ። ኣብ
ዝተፈላለየ ኵርናዕ እዛ ሃገር እንክጒዓዝ፡
ዝሰራሕናዮ እንክርእይ ናይ ሓበን
ስምዒት’ዩ ዝወረኒ። ንሕና ዕላማ’ዩ ናብዚ
ኣምጺኡና። ካብ ኲናት ናብ ልምዓት፡ ካብ
ልምዓት ናብ ኲናት ክንሰግር እንከለና፡
ከምቲ ማንም ሰብ ማይ እናሰተየ ዝዛረቦ
ዘይኮነ፡ ሰብ ሕላገት እንኽእሎ ዕማምዩ።
ኣብ ዝተጸዋዕካዮ ሃገራዊ ዕማም ክትወፍር
ብዓል ሕላገት ክትከውን ኣለካ፡” ኢሉኒ።
እቲ ሕላገት - ሕላገት ህዝባዊ ሰራዊት’ዩ።
ህዝባዊ ሰራዊት፡ ንተጻዋርነት መሃዝነት
ይውስኸሉ። ቅልጡፍ ናይ ምስትውዓል

ዓቕሚ ኣጥርዩ፡ ካብ ዘጋጠመ ወድዓዊ
ኩነታት ተበጊሱ ንዘጋጠሞ ሽግራት
ብብልሓት ይሰግር። ካብ ሃንደበታዊ
ውሳነታት፡ ድሌታትን ስምዒታትን ነብሱ
ገቲኡ ካብ ብቑዕ መጽናዕትን ሞራላዊ

መትከላትን ተበጊሱ ውሳነ ይወስድ።

ኲናት ብባህሪኡ ተለዋውጢዩ። ክትደፍእ
ጸኒሕካ ክትድፋእ ኣብ መስርሕ ቃልሲ
ዘሎን ዝነበረን’ዩ። ነዚ ተለዋዋጢ ባህሪ

ኲናት ክትመልኽ ተዓጻጻፍነት ወሳኒ’ዩ።
ኣብቲ ዝሕተት ወሳኒ ግዜ ኣድላይ
ለውጥን ምትዕርራይን ናይ ሓሳባት ናይ
መደባት ወይ ከኣ ናይ ኣገባብ ኣሰራርሓ
ምግባር ማለት’ዩ። እዚ ግዜ ዝሓለወ
ለውጢ’ዚ ባዕልኻ ካብ ትርእዮ ወይ
ካልኦት ካብ ዘረድኡኻ ክመጽእ ይኽእል።

ንሽግር ዝስዕር ተዓጻጻፍነት፡ ንሞት
ዝመልኽ ተጻዋርነት፡ ማንም ዝመልኮ
ኣይኮነን። ህዝባዊ ተልእኾ ኣብ ዝባኑ
ዝተሰከመ፡ ንመድረኻዊ ተልእኾኡ ብልቡ
ዝኣመነን ብሕሉፍ ተመኵሮ ዝበሰለን፡
ብህልው መድረኽ ዝተሳሕለ፡ ንጽባሕ
ዝጥምት ሓያል ፍናን ዝዓጠቐ ሰራዊት
እዩ ዝኽእሎ። ሓይልታት ምክልኻል
ኤርትራ፡ እንግድዓይ ንህዝበይ ረሃጸይ
ንዓደይ ብምባል ትንፋሱ ንህዝቡን
መሬቱን ዝወፈየ ሰራዊት’ዩ። ወትሩ ኣብ
ጽንኩር መድረኽ እንታይ ትህብኒ ሃገረይ
ከይበለ እንታይ ክህበኪ ዝብል ውፉይ
ሰራዊት።

ክቡር ጀነራል ስብሓት ኤፍሬም ኣብ
ሓደ ካብ ቃለ-መጠይቑ፡ “ብዓይኒ ኤርትራ
ብዛዕባ ኤርትራ ክትዛረብ ከለኻ ብዛዕባ’ቲ
42 ዓመት ዝገበረ ሰራዊት ኢኻ ትዛረብ
ዘለኻ። ናቱ ፍሉይ ባህሊን ተመኲሮን ከኣ፡
ካብቲ ካልእ ፍሉይ ይገብሮ። ዝዀነ

ሰራዊት ፎቶ ኮፒ ናይ ካልእ ኣይኮነን።
ዝዀነ ሰራዊት ፎቶ ኮፒ ናይቲ ኣብቲ
ሕብረተሰብ ዘሎ ምዕባለ እዩ። ሰራዊት
ብሓደ ኵርናዕ ኣቐሚጥካ፡ ካብቲ ምዕባሌ
ናይቲ ሕብረተሰብ ነጺልካ ዝረአ ኣይኮነን።
ሰራዊት ውሽጣዊ ምዕባለ ናይ ሓደ
ሕብረተሰብ ዘምጽኦ ዕጡቕ ኣካል ናይቲ
ህዝቢ እዩ። እንድሕር እቲ ምዕባለ ናይቲ
ሕብረተሰብ ድኹም ኮይኑ ሰራዊት
ከኣ ብኡ መጠን ድኹም ይኸውን፡
” ኢሉ ነይሩ። ህዝቢ ኤርትራ ሓያል
ህዝቢ ስለ ዝዀነ እምበኣር፡ መሬቱ፡
ባሕሩን ሰማዩን ንማንም ይሕሊፉ
ዘይህብ ሓያል ሰራዊት ፈጢሩ ይርከብ።

ክብርን ምስጋናን ንጅግና ሓይልታት
ምክልኻልና!

መደብ ተለቭዥን

(ሰንበት)
ሰዓት መደብ
09፡00 ሃገራዊ መዝሙር
09፡05 ፊዮሪና
09፡40 ፓኖራማ
10፡15 መደብ ሚሳል
11፡00 መደብ ማእገር
13፡00 ዶክተራት ኣብ
ስትድዮ ቀጥታ
13፡40 ቀስተ ድሕነት
14፡00 መደብ ሞዛይክ
16፡30 እንዳ ዝማም
17፡05 ሃብቲ ባሕሪ
17፡30 ፈንቅል
18፡05 መደብ ሽዕበት
18፡35 መደብ ህርመት

20፡00 ዜና (ትግረ)
20፡13 እትመት

21፡00 ዜና (ትግርኛ)
21፡25 መደብ ቡያ

22፡00 ዜና (ዓረብ)
22፡10 ሕዋራት

22፡30 ዜና (እንግሊዝ)

(ሰኑይ)
ሰዓት መደብ
10፡15 ብሚኒስትሪ ትምህርቲ
ዝዳሎ ኣካዳማያዊ መደብ
11፡45 ደርፊ
12፡00 ሃገራዊ መዝሙር
12፡02 መደብ

12፡30 ዜና (ትግርኛ)
12፡50 ዜና ስፖርት
12፡55 ዕላል ጥበባት

13፡30 ዜና (ዓረብ)
13፡45 መደብ ደባይዋ
14፡55 መደብ ሚሳል
15፡30 ብሚኒስትሪ ትምህርቲ
ዝዳሎ ኣካዳማያዊ መደብ

17፡00 ዜና (ትግርኛ)
17፡15 ደርፊ

17፡30 ዜና (ዓረብ)
17፡45 ደረት ቃና
19፡00 መደብ ሳይዳ

20፡00 ዜና (ትግረ)
20፡15 ሰሙናዊ ፍጻሜታት
ስፖርት

21፡00 ዜና (ትግርኛ)
21፡25 ደሃይ ሕትመት

22፡00 ዜና (ዓረብ)
22፡10 ሕዋራት

22፡30 ዜና (እንግሊዝ)

ኣብርሃም ዮሃንስ (ወዲ ዕቋር)

ሓዳስ ኤርትራ

• ሎፐዝ ናብ ዩናይትድ፡ ማርቲነዝ ናብ ባርሴሎና
ናይ ማንቸስተር ዩናይትድ ተኸላኻላይ ሊሳንድሮ ማርቲነዝ ብክለባት ላ ሊጋ ጠለብ ኣብ ዝቐርበሉ ዘሎ ግዜ፡ ማንቸስተር ዩናይትድ ንናይ ባርሴሎና ፈርሚን ሎፐዝ ኣብ ዒላማ ይእትያቶ ከም ዘላ ተገሊጹ። ኣብ ወርሒ ጥሪ መስመር ምጥቃዓ ድርዒ ክትፈጥረሉ ኣንቂዳ ዘላ ዩናይትድ፡ ወዲ 23 ዓመት ኣከፋፋሊ ባርሴሎና ሎፐዝ ቀዳማይ ምርጫ ገይርቶ’ላ። ኣብ መወዳእታ እዚ ወቅቲ ካብ ዩናይትድ ዝሰናበት ወዲ 28 ዓመት ኣርጀንቲናዊ ማርቲነዝ ድማ፡ ካብ ባርሴሎናን ኣትለቲኮ ማድሪድን ኣቓልቦ ረኺቡ ይርከብ።
• ኣስቶን ቪላ፡ ንካራገር ክትከሶ ወሲና
ኣስቶን ቪላ፡ ናይ ቅድም ተጻዋታይ ሊቨርፑል ጂሚ ካራገር ኣብ ልዕሊ እታ ክለብን ደገፍታን፡ “ተቐባልነት ዘይብሉ ውረደት፡” ፈጺሙ ብምባል፡ ናብ ቤት ፍርዲ ክትወስዶ ምዃና ኣፍሊጣ። ካራገር፡ ኣብ ‘ስቲክ ቱ ፉትቦል’ ኣብ ዝገበሮ ዝርርብ፡ ኣሰልጣኒ ቪላ ኡና ኢምረ ኣሰልጣኒ ማንቸስተር ዩናይትድ ክኸውን ተገዳስነት ከም ዘለዎ ብምግላጽ፡ “ካብ ዩናይትድ ጻውዒት እንተመጺእዎ እናዘለለ ክኸይድ’ዩ፡” ኢሉ። ካራገር በዚ ከይተሓጽር፡ “ደገፍቲ ቪላ ስቕ ክብሉ’ለዎም፡ ኣስቶን ቪላ ክንዲ ማንቸስተር ክትከውን ኣይትኽእልን’ያ፡” ብምባል ንደገፍታ ዘቅሕር ተዛሪቡ።
ወናንን ኣቦ-መንበር ቦርድ ናይታ ክለብ ዝዀነ ናሰፍ ሰዊሪስ ድማ፡ “ኣስቶን ቪላ፡ ዝዀነ ሰብ ኣብ ኵዕሶ እግሪ እንግሊዝን ኤውሮጳን ንቕድሚት እትገብሮ ጒዕዞ ክዓግት ኣይክትፈቅድን’ያ፡” ብምባል፡ ኣብ ልዕሊ ካራገር ሕጋዊ ስጒምቲ ክወስዱ ምዃኖም ኣፍሊጡ።
• ሮማ ንፎርብስ ተጣይቐሉ
መስመር ምጥቃዓ ንምድልዳል ኣብ ክራማት ዘይሰለጣ ሮማ፡ ወርሒ ጥሪ ኣብ ዝኽፈት መስርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ፡ ንናይ ክንፊ ተጻወታይ ክለብ ብሩገስ ካርሎስ ፎርብስ ክተፈርም ትሓተሉ ኣላ። ወዲ 22 ዓመት ፎርብስ፡ ኣብ ክራማት 2025 ናብ ብሩገስ ቅድሚ ምጽንባሩ፡ ምስ ኣያክስን ዎልቨርሃምቶን ተጻዊቱ ነይሩ።
ፎርብስ፡ ኣብ ርእስቲ ኣብ የማናይ ክንፊ ዘለዎ ልዑል ክእለት፡ ንዝሰፍሐ ክፋል ክሽፍን ዝኽእል ብምዃኑ ተመራጺ ይገብሮ። ኣብ ሊግን ሻምፕዮንስ ሊግ ኣርባዕተ ሸቶታት ከቊጽር ከሎ፡ ሸሞንተ ቀረብ ገይሩ ይርከብ። ናይ ሮማ ጂያን ፔሮ ጋስፐሪኒ፡ ጋንታኡ ዝያዳ ምጥቃዕ ኣብ እትደልየሉ ግዜ ኣማራጺ ክፈጥረላ ብምባል ብደቂቕ፡ ኣብ ምክትታሉ ይርከብ።
• ጋብሪኤል ንጻውዒት ፒኤስጂ ይነጽግ
ምስ ርያል ማድሪድ ክጽንበር ኣንቂዱ ዘሎ ናይ ማንቸስተር ዩናይትድ ትስፍው ተጻዋታይ ጀይጀይ ጋብሪኤል፡ ብፒኤስጂ ንዝቐረበሉ ዝተመሓየሸ ጠለብ ነጺጉ።
ፒኤስጂ፡ ነዚ ወዲ 16 ዓመት ኰተቴ ክተፈርም ተተስፍያያ ናብ ኦልድ ትራፎርድ ኣቕኒዓ። ይዅን እምበር ጋብሪኤልን ወኪሉን ናብ ላ ሊጋ ናይ ምኻድ ድላይ ስለ ዝዓበለሎም ነቲ ጠለብ ክቕበልዎ ኣይደለዩን። ቅድሚ ሕጂ ባርሴሎናን ባየር ሙኒክን ነዚ ተጻዋታይ ከፈርማ ተበግሶታት ወሲደን ዝነበራ’የን። የግዳስ፡ ነቲ ክቡር ናይ ዕድጊ ውድድር ክጽንበርኦ ስለ ዘይደለያ ቀልጢፈን ኢደን ስሒበን። ጀይጀይ ጋብሪኤል፡ ኣብ ትሕቲ ካሪክ ኣብ ቀዳመይቲ ጋንታ ዕድል የብለይን ኢሉ ብምሕሳቡ’ዩ ካብታ ጋንታ ክወጽእ ወሲኑ። ርያል ማድሪድ ከኣ፡ ቀዳመይቲ ምርጭኡ ኰይና ትርከብ።

መበል 36 ዓመት ቁ.54 1 ሕዳር 2026 - ገጽ 8

ኣርሰናል፡ 14 ዓወት ኣልቦ ዓመታት ኣብ ኣንፊልድ
ኣርሰናል፡ ኣብ ግጥማት ፕሪመር ሊግ (ጥራይ)
ንሊቨርፑል ኣብ ኣንፊልድ ድሕሪ መስከርም
2012 ስዒራታ ኣይትፈልጥን’ያ። ኣብ ዘመን
ኣርሰን ቨንገር 2ብ0 ድሕሪ ምዕዋታ እንሆ 14
ዓመት ሓሊፍዋ ይርከብ። ነዚ ዓወት ክተመዝግብ
እንከላ፡ ናይ ሎሚ ኣሰልጣኒኣ ሚኪኤል ኣርቴታ፡
ኣከፋፋሊኣ ብምዃን ተሰሊፉ ነይሩ። ሎሚ
ከኣ፡ ንኣርሰናል መሪሑ ናብ ኣንፊልድ የቕንዕ
ኣሎ። ካብ ናይ ዝሓለፈ ሰሙን ሕፍረት ዘግዘሞ
ስዕረት ተናጊፉ ርእሱ ከቕንዕ ድማ፡ ኣንጻር እቲ
ብተኸታተሊ ዓወት ኣፍልቡ ነፊሑ ዘሎ ወዲ
ሃገሩ ኢሮኦላ ክፋለም’ዩ።
ናይ ኣንዶኒ ኢራኦላ ሊቨርፑል፡ ካብ መራሕቲ
ዘለዋ ጋንታታት ብሽዱሽት ነጥቢ ድሒራ ራብዓይ
ደረጃ’ያ ትርከብ። ሎሚ ተዓዊታ ምስ ትወጽእ፡
ናብ ናይ ዋንጫ ጸወታ ብወግዒ ከም ዝኣተወት
ክተመስክር’ያ። ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ልዕሊ’ታ
ጽቡቕ ገስጋስ ተርኢ ዘላ ብራይቶን ዘመዝገበቶ
ዓወት፡ ነዚ ናይ ሎሚ ጸወታ ንጹር መልእኽቲ’ዩ።
ኵለን ክለባት ከኣ፡ ብኣንክሮ ክከታተልኦ’የን።
ኣርሰናል ብግደኣ፡ ናይ ሻምፕዮንነት ክብራ
ንምዕቃብ ነቲ ኣብ ልዕሊ ኤቨርቶን ዘመዝገበቶ
ፍጥነት ሒዛ ክትፋለም’ያ። መድፈዐኛታት ሎሚ
መበል 300 ዓወቶም ኣብ ፕሪመር ሊግ ንምስናድ
ኣብ ሜዳ ክወርዱ’ዮም። ሓሳብ ልቦም ኣብ
ኣንፊልድ እንተ ሰሚሩ ድማ፡ ድሕሪ ማንቸስተር
ዩናይትድ ነዚ ክብሪ ዝበቅዐት ካልኣይቲ ጋንታ
ክውንኑ’ዮም።
ኣርሰናል፡ ሎሚ ዓመት ብመልሰ መጥቃዕቲ
ኣብ ሓምሻይ ደረጃ’ያ ተሰሪዓ ዘላ። ኣብ 8
ግጥማት 13 ሸቶታት ዘመዝገበት ክትከውን
እንከላ፡ ብገምጋም ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ጸወታ 1.63
ሸቶ ተመዝግብ ኣላ። እዚ ከኣ፡ ቀጻሊ ዕድላት

ንሸቶ ኣብ ምፍጣር ዘለዋ ድኻም ዘንጸባርቕ’ዩ።
የግዳስ ተጻወትታ፡ ንመስመር ምክልኻል
ሊቨርፑል ክርብሹ እኹል ብቕዓት ኣለዎም።
ምስ ናይ ሊቨርፑል ኣብ ነፍሲ-ወከፍ 1.25 ሸቶ
ዝምዝገቦ ልዳታ ተወሲኹ ድማ፡ ኣርሰናል ኣብዚ
ግጥም’ዚ ዓወት ሒዛ ክትወጽእ ልዑል ተኽእሎ
ኣለዋ።
ኣቃውማ ኣሊክሳንደር ኢሳቕ፡ እቲ
ንሊቨርፑል ተስፋ ዝህብ ገጽ’ዩ። ኣብ ዳሕረዎት
ኣርባዕተ ግጥማት ንክለቡን ሃገሩን ኣርባዕተ
ሸቶታት ኣመዝጊቡ’ሎ። ድሕሪ ሃላንድ፡ ብ6
ሸቶታት ካልኣይ ደረጃ ይርከብ። ልዑል ናይ
ሸቶ ምምዝጋብ ክእለቱ ምስ ደገፍቲ ሊቨርፑል
ተደሚሩ፡ ንተኸላኸልቲ ኣርሰናል ኣብ ፈተነ
ከውድቕ ትጽቢት ይግበረሉ።
ነዚ ናይ ሎሚ ግጥም፡ ኣርሰናል 2ብ1
ብምዕዋት ነቲ ናይ 14 ዓመታት ድርቀት
መኸተምታ ክትገብረሉ ግምታት ኣሎ። ኣንበብቲ
ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራኸ እንታይ ትግምቱ፧

ቀልቢ ዓለም ዝስሕብ ዘሎ ህጻን
ስድራቤት ወዲ ሰለስተ ዓመት
ነቫዳ ፔረ፡ ቀዳም 24 ጥቅምቲ ኣብ
ፍሎሪዳ ናብ ዝርከብ ሜዳ፡ ናይ ወዶም
ጸወታ ክዕዘቡ ትጽቢት ገይሮም’ዮም
ከይዶም። ይዅን እምበር እቲ ትርኢት፣
ምትእትታው ፖሊስ፡ ህቡብ ናይ
ኢንተርነት ትዕዝብቲ፡ ሃገራዊ ክትዕ
ዘምጽእ ኰይኑ ረኺቦሞ።

ኣብቲ ቪድዮ ነቫዳ ፔረ፡ ብውሕሉል
ኣኰባዅባ ኵዕሶ፡ ንመጻውትቱ ኣሽኪዑ
ሸቶ ከምዝግብ’ዩ ዝረአ። ስድራቤቱ
ኣብቲ ናይ ቀዳም ግጥም 10 ሸቶታት
ከም ዘቊጸረ ይዛረቡ። እቲ ፍሉይ ዝገበሮ
እዚ ቈልዓ ንመጻውቱ ኵዕሶ ከየተንከፈ
ሸቶታት ብምምዝጋቡ፡ ወለዲ ንደቅና
ምጽዋት ከሊእዎም ብምምባል ፖሊስ
ክጽውዑ ምግዳዶም እዩ። እቶም ወለዲ፡
“ንደቅና ስለ ዝደፍኦም እምበር፡ ስለ ኵዕሶ
ምትንካፍ ዝኸልኦም ኣይኰናን ፖሊስ
ጸዊዕና፡” ይብሉ። መልሲ ስድርኡ ግን፡
ብኣንጻር ናይዚ እዩ። እዚ ትርኢት ናብ
ኢንተርነት ምስ ተዘርግሐ፡ ኣልቦ ብርክት
ዝበሉ ሰባት ክስሕብ ክኢሉ ዘሎ’ዩ።
ጀይዚ፡ ላሚን ያማል፡ ካርዲ ቢን ካልኦትን
ከኣ፡ ገለ ካብቶም ግብረ መልሲ ክህብሉ
ዝረኣዩ ዘለው ህቡባት ሰባት’ዮም። ዋላ’ኳ
ሓቅነቱ እንተ ዘይተረጋገጸ፡ ናብ ናይ

ዜና ብሓጺሩ

ብሰንኪ ሞሪኖ መቐየሪ ክፍሊ ባርሴሎና ይርበሽ
ሆዜ ሞሪኖ፡ ኣብ ውሽጢ
ባርሴሎና ንእሽቶ ነቓዕ
ንምፍጣር’ዩ ተበጊሱ ነይሩ።
ብዘይተጸበዩ መንገዲ ግን፡ እቲ
ኵነታት እናዓሞቐ ይኸይድ
ኣሎ።

ውጥን ሞሪኖ ብንቡር
ምሕደራ ኵዕሶ እግሪ፡ ብልጫ
ከውህበካ ዝኽእል ዕድል
ምፍጣር’ዩ ነይሩ። ብመሰረት
ናይ ስጳኛ ጋዜጣ ‘AS’
ዝዘርግሓቶ ሓበሬታ ግን፡ ናይ
ኤል ክላሲኮ ውጽኢት ኣብ
ዝተፈላለየ ሸነኽ ናይ ሃንስ
ፍሊክ ባርሴሎና በሰላ ይገድፍ
ከም ዘሎ ሓቢራ።

ብታክቲካዊ መግለጺ፡
ባርሴሎና ኣንጻር ርያል ማድሪድ ሚዛን
ክትዕቅብ ኣይከኣለትን። እታ ናይ 2ብ1
ስዕረት፡ ኣሰልጣኒ ባርሴሎና ብሰንኪ
ሕጽረት ኣካላዊ ድልውነትን ምሕዳስን
ትብል ልምድቲ ምኽኒቱ ከቕርብ

ዝገደደት ነይራ።

በዚ ውጽኢት መቐየሪ ክፍሊ
ባርሴሎና ኣብ ረበሻ ኣትዩ። ነዚ ንምህዳእ
ናይ ጋንታ ጥምረት ንምሕያል ብዝብል
ምኽኒት፡ ረቡዕ ናይ ሓባር ምግብና

ገይራ። ቦርድ ባርሴሎና ከኣ፡ ብሓሙስ፡
“ምሉእ ምትእምማን ኣብ ጋንታናን ስታፍ
ምስልጣናን፡” ዝብል መግለጺ ኣውጺኡ።
ብዓርቢ ድማ፡ ኣሰልጣኒ ባርሴሎና ኣብ
ወርሒ ጥሪ ተጻወትቲ ከፈርም ምዃኑ
ገሊጹ። ባርሴሎና፡ ብድሕርቲ ብሞሪኖ
ዝወረዳ ስዕረት ውሽጣዊ ዝርርብ፡ ናይ
ሓባር ምግብናን ካልእ ንጥፈታትን ኣብ
ምስልሳል’ያ ትርከብ። ኣንጻር ዲፖርቲቮ
(ትማሊ) ዘካየደቶ ጸወታ ከኣ፡ ነዚ ነቃዕ
ዘግፍሕ ወይ ዘጽብብ ክኸውን’ዩ።

መደብ ጸወታ
ሎሚ

ፕሪመር ሊግ
ሊቨርፑል - ኣርሰናል 7፡30 ድ.ቐ

ላ’ሊጋ
ረይሲንግ ሳንታንደር - ርያል ማድሪድ 6፡
15 ድ.ቐ

ሰኑይ (ፕሪመር ሊግ)
ኒውካስል - ኤቨርቶን 11፡00 ድ.ቐ

ስፖርት
ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

ዋልታ፡ ንሂምቦል ልዕሊ ትጽቢታ ኰይናታ
ስፖርታዊ ውድድራት ኣብ ምስልሳል
ዝርከብ ምምሕዳራዊ ክፍልታት
ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ግጥም ካልኣይ
ዙርያ ኵዕሶ እግሪ ብዓርቢ ኣካይዱ።

ፈላሚ ውድድረን ዘካየዳ ጋንታታት፡
ኣብ ቀዳማይ ዙርያ ካልአይትን
ሳልሰይትን ብምዃን ናብ ካልኣይ ዙርያ
ዝሓለፋ ዋልታን ሂምቦልን ነይረን።
ዋልታ ንጸወታ ብምዕብላል፡ ንልዳት
ናይታ ከፊታ ዝተጻወተት ሂምቦል
ደጋጊማ ክትኵሕኵሕ ተራእያ። ኣብ
መበል 46 ደቒቕ ከኣ፡ ብመንገዲ

ባርሴሎና ናይ መንእሰያት መሰልጠኒ
ማእከል ‘ላ ማስያ’ ከቕንዕ’ዩ ዝብል ወረ

ኣብ ኢንተርነት ዝዘውር ዘሎ ወረ ኰይኑ
ይርከብ።

ሴም መሓሪ ሸቶ ረኺባ። ዋልታ
በዚ ከይተዓግተት፡ ካብ ጴጥሮስ ሓጎስ፡
ኣማን በየነን መርሃዊ ጻድቕን ሰለስተ
ሸቶ ብምውሳኻ፡ 4ብ0 ተዓዊታ።
ሴም መሓሪ ናይ ዋልታ ከኣ፡ ብሉጽ
ተጻዋታይ ተረቝሑ።

ካልኣይ ጸወታ ዘካየዳ ጋንታታት፡
መራሒት ኰይና ዝዛዘመት ሳቡር
ምስታ ራብዓይ ደረጃ ዓቂባ ዝደየበት
ኣባሓኒ ነይረን። ኣባሓኒ፡ ኣብ መበል
16 ደቒቕ ካብ ወሊድ ናስር ሸቶ
ብምርካብ መሪሕነት ክትሕዝ ክኢላ።

ጸወታ ናብ ምዝዛም ኣብ ዘምርሓሉ
ግዜ፡ ወሳኒ ተጻዋታይ ኣባሓኒ ቴድሮስ
መልኣከን ተጻዋታይ ሳቡር ዮናስ
በርሀን ዘይስፖርታዊ ጠባይ ብምርኣዮም
ብቀይሕ ካርድ ተባረሩ። ደገፍቲ ኣባሓኒ
ስምዒቶም ተፈራረቐ። ፊስካ ቅድሚ
ምንፋሓ ድማ፡ ነታ ኣብ ክሊ ልዳት
ኣባሓኒ ዝዘንበየት ኵዕሶ፡ ተኸላኻላይ
ኣባሓኒ ያቆብ ፍስሓጽዮን ከውጽእ
ክብል ናብ ገዛእ ልዳቱ ብምምዝጋቡ
ጸወታ ብማዕረ ውጽኢት 1ብ1
ተዛዚሙ።